ተንስኡ ለጸሎት

ናይ ጸሎት መጽሓፍ

ብዲያቆን ኣሸናፊ መኮነን
ትርጉም ሳሚኤል ዮሓንስ

መሰል ደራሲ ብሕጊ ዝተሓለወ እዩ !

መሰል ቶርጓሚ ብሕጊ ዝተሓለወ እዩ !

ናይ መጀመርያ ሕታም ጥቅምቲ 2008 ዓ.ም ብፈረንጂ

ካልኣይ ዝተሓትመሉ ሓምሌ 2009 ዓ.ም

ሳልሳይ ዝተሓትመሉ ለካቲት 2011 ዓ.ም

ራብዓይ ዝተሓትመሉ ነሓሴ 2016 ዓ.ም

ዝተተርጎመሉ ዕለት ለካቲት 2019 ዓ.ም

ኣድራሻ ቶርጓሚ ፡- wbere84@gmail.com

number tel 0012024365091 U.S.A

0020101752 8050 egypt

ቤት ክርስትያን ኦርቶዶክስ ተዋህዶ ቅድስቲ ድንግል ማርያም ግብጺ ካይሮ ዱኢ

<u>ህያብ</u>

ካብ

ናብ

ዘመኑ ብጸሎት ንስውኣሉ ክኾነልና ይምነይ !

ትሕዝቶ

ገጽ

ኣርእስቲ

መቅድም

መእተዊ

ምዕራፍ ሓደ 13

- ዘይርስዕ እግዚኣብሄር
- ዘይሾሙኳ ንጉሰይ
- ብምስጋና ወቒብካ
- ተድልየኒ ኢኻ
- ንድኻ ሃብቱ

ምዕራፍ ክልተ 21

- ብዝኣምኑኻ ልቢ ተፈቲኻ
- ናይ መበለት ዳኛ
- ናይ ልበይ ወደብ
- ናይ ናዝሬት ብሩኽ
- ናይ ጸባኦት ንጉስ

- ፍጹም ሰዓሪ ኢኻ

ምዕራፍ ሰለስተ 29

- መጨረሽታ ዘይብልካ
- ናይ ነፍሰይ ንጉስ
- ናይ ዓይነይ ብርሃን
- ፍቅርኻ ካብ ሽቶ ንላዕሊ ዝፍቶ
- ናይ ሰላም ኣፍደገ

ምዕራፍ ኣርባዕተ 35

- ኣብ ጎቦ ጽዮን ዘለኻ
- ቅዱስ እግዚኣብሄር
- ዎ እግዚኣብሄር ጐይታ
- ናይ ደስታይ ምንጪ
- ዓቢ ሰብ መድሃኒኣለም

ምዕራፍ ሓሙሽተ 42

- ናይ ቅዱሳት ቅዱስ
- ናይ ስደተኛ ሃገር

- ካብ ኣእላፋት ንላዕሊ ዝተመረጽካ
- ዝፋንካ ዘይናወጽ
- ናይ ቅዱሳን መኣዛ
- በሪረ ዝዓርፈልካ ደሴተይ

ምዕራፍ ሽዱሽተ 50

- ምሕረትካን ርህራሄካን ዝበዝሐ
- ኣብ ቃልካ ሓሶት ዘይብልካ
- ዝድሕነልካ ጐይታይ
- ዎ እግዚኣብሄር
- ወሃቢ ዕድመ
- ዓይኒኻ ዝርህርህ
- ጐይታየ ጉዳየይ

ብስም ኣብን ወድን መንፈስ ቅዱስን ሓደ ኣምላክ ኣሜን !!!

መቅድም

ወዲ ሰብ ብተፈጥርኡ ናይ ምግዛእ ጠባይ ኣለዎ ። ካብ መግዛእቲ ናጻ ስለ ዘይኮነ ድማ ንእግዚኣብሄር እኳ ኣይግዛእን እንተበለ ንሰይጣን'ወይ ንስምዒቱ ብሓዲኡ ምግዝኡ ኣይተርፍን። ንዓለም ዝዞርዋ ሰባት ከም ዝብልዎ ዘምልኾ ኣምላኽ ይፈላለ ደኣ እምበር ኣምላኽ ኢዩ ንዝብሎ ዘየምልኽ ፍጡር የለን። ሰብ ክሓዝን ከሎ ዘታሓዝኖ፡ ኽሕጎስ ከሎ ድማ ደስታኡ ብምስጋና ዝገልጸሉ ኣምላኽ ይደሊ። እዚ ተፈጥራዊ ግዴታ ስለ ዝኾነ ክሽፈንን ክኽወልን ብፍጹም ኣይከኣልን እዩ። ጸሎት ድማ ንሰብ ናይ ምግዛእ ስምዒቱ ብፍቅሪ ዝገልጸሉ ስለ ዝኾነ ብምጽላዩ ዉሽጣዊ ዕረፍቲ ይስምዖ።

እዛ ንነብራ ዘለና ዓለም ነገራት ትኽ ኢሎም ዝጓዓዙላ ዓለም ዘይኮነትሲ ደስታን ሓዘንን፡ መርዓን ሞትን፡ ልዕል ምባልን ትሕት ምባልን፡ ልምድን ምዕባለን ዝቃለሱላ ኣዳባባይ እያ። ኣብ ዉሽጢ እዚ ቃል ሰብ ኣብ ጫፍ ተጻጊዑ ተመልካቲ ዘይኮነስ ተዋሳኣይ እዩ። ትንፋሱ ክጠፍእ ክሳብ እትደሊ እንዳተቃለሰ ብቃልሲ ዝደኸመሉ ግዜ ዉሑድ ኣይኮነን። ንሕና እንነብር ብስርዓተ እስትንፋስ እዩ። ከነስተንፍስ ከለና ዝተቃጸለ ኣየር ወጺኡ ሓድሽ ኣየር ይኣቱ። ጸሎት ድማ ከምኡ ምስትንፋስ እዩ። ብስጭትናን ምረትናን ንዝፈጠረና ጐይታ ክነግሮ ከለና ናይ ተስፋን ምድዕዓስን ሓድሽ ኣየር ንዉሽጢ ይኣቱ። ኣሸኳይ ንእግዚኣብሄር ንሕያዋይ ሰብ እኳ ሽግርካ ምስ ተዕልሎ ይፎኽሰካ። ኣብ ሙብዛሕቲኡ ህይወትና ከም ዝረኣናዮ ብዘይ እግዚኣብሄር ምቾት እኳ ንባዕሉ ሕቶ እዩ። ዕግበት ንምርካብ ምድራዊ ነገር ዘለዎን ዘይብሉን ናይ ጸሎት ሓይሊ ክትጥቀም ኣለካ።

ናጻ መስመራት ጻዊዒት ቀለልቲ ቁጽሪ ዝኾኑ ናይ እዋን ሓደጋ መስመር ተሌፎናት እዮም። እዞም ቁጽሪ ብጃካ ኣብ እዋን ሓደጋ ኣብ

ካልእ ግዜ ሰብ ኣይደልዮምን እዩ። ጸሎት ድማ ምስ ዝሸግርና ንጥቀመሉ ብግዜ ሰላም ግን ንርስዖም መስመር ኣይኰነን። ጸሎት ምስ ኣቦና ዝኾነ እግዚኣብሄር ዝግበር ናይ ፍቅሪ ርክብ እዩ። ከም ብሩኽ ውላድ ኣቦና ምስ እንናፍቆ ንገብሮ እምበር ስርዓት ኮይንና ኣይኰነን። ጸሎት ናይ ናፍቆትና ዕግበት እዩ። ሓደ ሓደ ሰባት ጸሎት ፍልጠት ስለ ዝመስሎም ኣነ ጸሎት ኣይፈልጥን እየ ይብሉ። እዞም ወገናት ምስ ኣቦይ ንምዝራብ ኮለጅ ኣትየ ክመሃር ኣለኒ ከም ዝብል ሃላይ ዉላድ ምቁጻሮም ኣይተርፍን !! ንጸሎት ዘድልየካ ፍቅሪ ጥራሕ እዩ። “ንስኻትኩምሲ ነቲ ብእኡ ጌርና ኣባ ፡ ኣቦ ፡ ኢልና እንጽዉዓሉ መንፈስ ዉሉድነት ኢኹም እተቀበልኩም እምበር ፡ መንፈስ ባርነት ከም ብሓድሽ ንፍርሃት ኣይተቐበልኩምን” ሮሜ 8፡14-15።

በዚ ዘለናዮ ዘመን ናይ ህይወት ቃልሲ በርቲዑ። ብዓለምናን ብምድርናን ሰባት ብዝኾነ ነገር ምዕጋብ ስኢኖም። ትካዜ ናይ ሰብ ብጻይ ኮይኑ ኣሎ። ሓጥያት ዘጸባበቆ ምዕባለ፡ ብዙሓት መንእሰያት ናይ መቃብሮም የእማን ተሰኪሞም ናብ ሞት ንክጓዓዙ እዩ ዝገበር ዘሎ። ፈላጥ እየ ብዝዓይነቱ ናይ ዘይምፍላጥ ጸልማት ንምድሪ እናተቆጻጸራ እዩ። ዓለም እንተ ዘይትምዕብል ኔራ ካብዚ ዘለናዮ ንላዕሊ ዝኸፍእ'ከ እንታይ ምመጸ ኔሩ ? ክሳብ ንብል ምዕባለ ናይ ጥፍኣት መቀላጠፊ ኮይኑ ኣሎ። ፍልጠት ድማ ተግባር ስኢኑ ንምሕዛን ኮይኑ። ኣብ ዝሓለፉ ዘመናት ብኲናት ካብ ዝሃለቀ ጎበዝ ሎሚ ብሕማም ዝረግፍ ይበዝሕ። ናይ ሃገርካ ጉድ ንጎረቤት ዘይንገር ደኣ ኮይኑ እምበር ብዙሕ ጉድ ኣሎ። ቤት ክህነትን ቤተ መንግስትን ፍቅሪ ኣይብሉ ጽልኢ መልክዕ ብዘይብሉ ጉዕዞ ጠፊኡ እዩ። ግደፉ ዝብል ሸማግለ ጠፊኡ ኩሉ ምስ ነፍሱን ቤተ ሰቡን ተጻሊኡ። ህይወት ኣቅልል ኣቢሉ ዘርእይ፡ ብርሃን ይረኣየኒ ኣሎ ዝብል ዓርኪ ኩላትና ስኢና፡ ሃብታማትን ሰበ ስልጣንን እኳ እንተ በዝሑ ፡ ዝሓዝነሎም እምበር ዝቀንኣሎም ሰብ የለን።

ናይዚ ኩሉ መፍትሒኡ ብንጹህ ልቢ ትቀርብ ጸሎት እያ። ከምቲ ህጻን ኣብ ቅድሚ ኣብኡ ጥራሕ ነብሱ ምኺን ዘየሕፍሮ ንሕና ከኣ ኣብ ቅድሚ እግዚኣብሄር ኩሉ ብግልጺ ክንዛረቦ ይግበኣና። እዚ መጽሓፍ ንኣንባቢ ብጾሎት መልክዕ ትምህርቲ ከም ዝመሃርን ምስ እግዚኣብሄር ከኣ ናይ ፍቅሪ ጽወታ ተጻዊቱ ናይ ልቡ ድሌታት ከም ዘዉጽእ ንምግባር ተዳልያ ኣላ። ስለዚ ኣንባቢ ከም ተራ ንባብ ዘይኮነስ ኣብ ዘለዎ ቦታ ኮይኑ ብናይ ጸሎት መንፈስ ምስ ዝጽሊ ንባዕሉ ተባሪኹ ንኻልኦት'ዉን ንበረኸት ክኸዉን እዩ።

ቅድሚ እዚ "ተንስኡ ንጸሎት" ዝብል ኣርእስቲ ብዓሰርተ ክልተ ገጽ፡ ብዓስርተ ክልተ ኣርእስቲ ብምጡን ኮፒ ዝተሰርሐ እኳ እንተነበረት ካብ ብዙሓት ኣንበብቲ ኣርእስትታት ተወሲኽዋ ንምትሓዝ ብዝጥዕም ክትሕተም ዘየቋርጽ ሕቶታት ቀሪብልና ። ናይ እግዚኣብሄር ፍቃድ ኮይኑ ቅኑዕ ልቢ ብዘለዎም እንዳ ተጠቀመ ስለ ዘትግሃና ብ34 ኣርእስትታት ንኣተሓሕዛ ብዝጥዕም ቅርጺ ንባብ ከነቀርብ ከለና ክብሪ ንኣምላኽና በረኸቱ ድማ ንዓና ክኸዉን እንዳ ጸለና ኢና። ንዓይ ድማ ኣብ ጸሎትኩም ዘክሩኒ።

መእተዊ

ናይ ቀደም ኣቦታት ናይ ጸሎት ምስጢራዊ መፍትሒ ክነግሩ ከለዉ "ጸሎትሰ ይእቲ ተናግሮተ ሰብእ ሃበ እግዚኣብሄር ልዑል" ትርጉሙ ፦ "ጸሎት ማለት ሰብ ምስ ልዑል እግዚኣብሄር ዝዘራረቦ እዩ" ይብሉና። ጸሎት ብቀጥታ ክትርጎም ከሎ ልመና ማለት ክኸዉን ከሎ ምስጢሩ ግና ኣብ ሞንጎ ሰብን እግዚኣብሄር ዝግበር ምርድዳእ ወይ ድማ ናይ ኣቦን ወድን ኢሂን ምሂን እዩ። ምስጢራትና ሰሚዑ ንዘይየውርየልና፡ ጉድና ርእዩ ንዘይነግረልና፡ ሽግርና ፈሊጡ ንዘይዕዘበና ጐይታ ምንጋርን ናቱ ድምጺ ምስማዕን ጸሎት ይበሃል ። ጸሎት ናይ ጸሎተኛ ወረ ወይ ሪፖርት ኣይኮነን ጸሎት እግዚኣብሄር ክዛረብ ከሎ እንሰምዓሉ ንግግር እዩ።

ኣብ ኩሉ ዘመናት ወዲ ሰብ ዝተፈላለየ ሓይልታት ክጥቀም ጸኒሑ እዩ። ሓደ ሓያል ንሓደ እንዳ ሰዓረ ድማ ክሳብ እዚ ሎሚ ንርእዮን ንሰምዖን ዘለና በጺሑ። ዝኾነ ይኹን ናይ ምዕባለ ዕብየት ዘይትክኦ ሓይሊ ግን ጸሎት እዩ። ብጸሎት ምስ እግዚኣብሄር ዝዛረብ ሰብ ብሽግሩ ዝእዉጅ ፡ ኣብ ልዕሊ ጸላእቱ ዝፍክር፡ ንጸልማት ዘጥቅዕ፡ ንጉዳዩ ከሉ ኣብ መለኮታዊ ስፍራ ኮይኑ ብዓይኒ ኣምላኽ ዝምልከት ፡ ስለ ዝሓለፈን ስለ ዘሎን ስለ ዝመጽእን ምሕረት ረዲኤትን ሓለዋን ዝሓትት እዩ።

ዝሰራሕናዮ ሓጥያት ኣየደቅስን እዩ። ክንርስዖ እንተ ደሊናዉን ክንርስዖ ኣይከኣልን። ብመስተን ብዝሙትን፡ ኣብ ጓይላን ብዳንኬራን ንግዚኡ እኳ እንተ ተሓባእና፡ ካብ ድንዛዜና ምስ ነቃሕና ግን መሊሱ የሕምመና። ብመንገዲ ጸሎት ንስሓ ምስ ንኣትቱ ግን ፍጹም ዕረፍቲ ንረኽብ። እወ ነጻ የእምሮ ብነጻ ዝለቁ ቤት-ፍርድ ኣይህቡናን እዮም። ነጻ ኣእምሮ ብናይ እግዚኣብሄር ይቅሬታ ዝዕደለና እዩ። ሰብ ምስ ኣምላኹ ዕርቂ ዝገብረሉ ብናይ ጸሎት መስመር እዩ።

ነፍሲ ወከፍ መዓልቲ ናይ ገዛእ ርእሳ ጉድኣትን ክፍኣትን ኣለዋ። ካብ ናይ ትማሊ ሽግር ዝተፈለየ ሎሚ ካልእ ዓይነት ሽግር ኣሎ። ትማሊ ዝነዓቅናዮ ሎሚ የፍርሃና። ፈተና ምስ ንፈርሆ ንእሽተይ ዓቢ ይኸዉን። ናይ መዓልቲ ጉድለታትና፡ ሕቶታትናን፡ ብሽጭታትን፡ ፍርሃትና፡ ጭንቀትናን . . . . ንእግዚኣብሄር ሂብና ነዕርፈሉ ብናይ ጸሎት መንገዲ እዩ። ናይ እግዚኣብሄር ዝፋን ብእምነትን ንስሓን ንዝመጹ ኩሎም ህያባት ዝተመልአ እዩ።

ናይ ወዲ ሰብ ስግኣቱ ብዛዕባ ሎሚ ጥራሕ ኣይኮነን። ናይ ጽባሕ ዕጭኡ፡ ሃገር ጽባሕ ትበጽሖ፡ ቤተ ክርስትያኑ ትኾኖ ዉጽኢት፡ ናይ ገዛእ ርእሱ ናይ ምንባር ዉሕስነት ኮታስ ብብዙሕ ይጭነቅ። ናይ ሎሚ ሰብ ብዛዕባ ዘይፈልጣ ጽባሕ ካብ ዝጭነቅ ጽባሕ ንዝገዝኣ ናይ ዘልኣለም ኣምላኽ ነብሱን ጭንቀቱን ብጸሎት ይደርብየሉ። ብሓቂ ጸሎት ስለ ዝሓለፈን ስለ ዘሎን ስለ ዝመጽእን ነገር ካብ እግዚኣብሄር ፍትሒ ንደልየሉ መሳርሒ እዩ።

ክልተ ሰባት እናተዛረቡ ምርድዳእ ስኢኖም ይተሓራረቁ። እቲ ሓደ ተንሲኡ ትኽእለኒ ኢኻ ? ንዓ ንበኣስ በሎ። እቲ ካልኣይ ድማ “እግዚኣብሄር ይሓግዘኒ እኽእለካ እየ” ኢሉ ካብ ኮፍ መበሊኡ ይትንስእ። በዚ ግዜ እቲ ክበኣሶ ደልዩ ዝነበረ እዋእ “እሞ ምስ መን ደኣለይ ዝበኣስ ዘለኹ ?” ኢሉ ኮፍ በለ። እዚ ሓቀኛ ታሪኽ እዩ። እግዚኣብሄር ንጸሎተኛ እዩ ዝረድእ። ስለዚ ጸሎተኛ መን ይኸእሎ ?

እዚ ናይ ጸሎት መጽሓፍ ዕላምኡ ምስ እግዚኣብሄር ብፍጹም ናጽነትን ፍቅርን ከመይ ጌርና ክንረኽቦ ከም እንኽእል ንምርኣይ ደኣ እምበር ካብ ዉሽጢ ነብስና ንዝፍልፍል ናይ ጸሎት ምንጪ ጠጠው ንምባል ወይ ድማ ንምትካእ ኣይኮነን ። ንእግዚኣብሄር ብሓድሽ ቅኔ ፡ ካብ ዉሽጢ ነብስና

ዝፍልፍል ልመናን ፡ ንብዓት ዘለዎ ንስሓን፡ ስለ ኲሎም ወገናት ናይ ፍቕሪ ምምላድ ምቕራብን ንክርስትያን ካብ ዘድልዩና ነገራት ሓደ እዩ። ነዚ ንኽንገብሮ እግዚኣብሄር ንኽረድኣና እንዳጸለና ነዚ ናይ ጸሎት መጽሓፍ ነቕርበልኩም።

ምዕራፍ ሓደ
ዘይርስዕ እግዚኣብሄር

ብዘደንቅ ስቅታ እተንብር ዘይትርስዕ እግዚኣብሄር የመስግነካ ኣለኹ። ንስኻ ኣብ ዉሽጢ ስቅታ መልሲ ኣለካ እሞ የኽብረካ ኣለኹ። ከም ዘይትሰምዕ ስቅ እንተበልካ፡ ከምዘይ ትህብ እንተ ዶንጎኻ፡ ከምዘይ የገድሰካ መሲልካ እኳ እንተ ሓለፍካ ዕላማ ስለ ዘለካ ግን ተመስገን። ናይ መዓልቱ ምልክት ርእየ ኣከዳድናይ እኳ እንተ ኣስተኻኸልኩ ናይ ዘመኑ ምልክት ግን ከይተረዳኣኒ ብልሳነይ ጠፊአ ኣለኹ እሞ ኣድሕነኒ። ዓለም ክትናወጽ ስቅ ምባል መሃረኒ። ሓቂ ምስ ዝዛረብ ንሰባት ደስ ኣይብሎምን ሓሶት ምስ ዝዛረብ ድማ ንፍቅርኻ የሕዝን ኣለኹ እሞ በጃኻ ናትካ ወገን ግበረኒ። ናትካ ወገን ብክልቲኡ ከም ዝተሳሕለ ቃላትካ ንወላሓደ ሰብ ኣይሰማምዖን እዩ። ምትእምማን ኣብ ዝጠፍኣሉ ቋንቋና ሕዉስዉስ ኢልሉ ኣብ ዘሎ ዘመን ንልበይን ልሳነይን ዋርድያ ኩነለይ። ኣብ ናይ ሕማቃት ዘመን ጥበበኛ ግበረኒ። ጐይታይ መዓረይ ንዝሓልፍ ዘመን ዘይሓልፍ ዘረባ ንኸይዛረብ በጃኻ ተቋጻጸረኒ።

ሰባት ከማይ ተዘይ ሓሰቡ ካብ ዝብሉ ደረቀኛታት ሓልወኒ፡ ኣነ'ዉን ሰባት ከማይ ተዘይ ሓሰቡ ካብ ዝብል ናይ ህይወት ሽግር ከይኣቱ ሓዘኒ። ንስጋይ ኣይኣምኖን ኢየ እሞ መንፈስካ ይምርሓኒ። ኣነ ብናይ ገዛእ ፍቅረይ እምበር ንኻልኦት ብምጽላእ ምስ ማንም ከይፋቀር ተጠንቀቀለይ። ዝበለጸ ኢለ ካብ ዝተዛረብክዎ፡ ሕማቅ ኢለ ዝገደፍክዎ ከም ዝሓይሽ ኣርእየኒ። ንዘልኣለም ዝነብር እዚ ሕጂ ዘሎ ዘይኮነስ ናትካ ስርዓት ሙኳኑ ግለጸለይ። ንስምዒተይ ዝሰማማዓኒ ቃላትካ እንዳመረጽኩ ንከይእዘዝ ይምሕጸነካ ኣለኹ።

ተስፋኻን ተስፋ ዝገበርኩሎም ነገራት ኩሎም ይውረሶም። ሰባት ንኸኣምኑኒ ፍትሓዊ እዩ ንኽብሉኒ ዝገብሮ ጻዕሪ ካባይ ኣርሕቆ። ንስኻ ትኣኽለኒ ኢኻ እሞ ልበይ ኣብ ጽላሎትካ ኣንብሮ። ኣብቲ ዘድልየካ ግዜ ከይድቅስ ርድኣኒ፡ ኩሉ ሰብ ናይ ምፍራህ ስልጣኑ ተጠቂሙ ኣብ ዝፈርሓሉ ንዓይ ግን ኣብ ከዉሒ ኣቁመኒ። ሰባት ክኸተሉኒ ኣብ ዝርእየሉ ነብይ ዝኾንኩ ኮይኑ ከይስምዓኒ ሓልወኒ። ካባኻ ንላዕሊ ሕያዋይ ከም ዘይኾንኩ ኣረዳኣኒ። እገለ በዲሉ እምበር ኣነ በዲለ ንዘይብሉ ሃገርን ትዉልድን ፈዉስ። ናይ ምክሳስ ወርሓት ብናይ ይቅሬታ ንፋሳት ለዉጥ ።

ኣብ ሃገርና ኩሉ ሊቅ እዩ እሞ ዝመሃር መንፈስ ሃበኒ። ናይ ሰባት ኣርእስቲ ዘይኮኑስ ዝተረስዑ ኣርእስቲ ንስካ ዘክሮም። ሓያላት ክጻልኡ ንሕና ከይንርገጽ ኣዉጻኣና። ብጥዑም ግዜ ዘይጸለካዮ ኣብ ሕማቅ ግዜ ኣይረድኣካን እዩ እሞ ንጸሎት ኣንቃሓኒ። ሓሲበ ንኽዛረብ ሊቃዉንቲ ነጊሮምኒ። ነገር ግን ንስካ ኣብ ናተይ ቦታ ምስ ትኸዉን ንስኻ ነቲ ሰብ እትዛረቦ ክዛረብ ርድኣኒ። ናይ ኩሉ ሕቶታተይ መልሲ “ኢየሱስ ኣብ ናተይ ቦታ እንተዝኸዉን እንታይ ምገበረ ኔሩ ? ዝብል ምኳኑ ኣብርሃለይ ። ጣዕሚ ብዘለዎ ሽምካ ንዘልኣለም ኣሜን !!

ዘይሽሙኺ ንጉሰይ

ካብ ዝኸበሩ ነገር ከቢርካ እትነብር ዘይሽሙኺ ንጉሰይ ካብ ሰብ ዘይረኸቦ ብልጽግናየይ የመስግነካ ኣለኹ። ዓመታት ዘመናት ብዙሓት ፈተዉተይ ክልወጡ፡ ኣነ ድማ ብብዙሕ ነገር ክልወጥ፡ ንስኻ ግን ኣይተለወጥካን እሞ የመስግነካ ኣለኹ። ክዳን ዝሸፈኖ ሰብነተይ፡ ስነይ ዝሸፈኖ ልበይ ንዓኻ ይገልጸልካ ኣለኹ። ክትርዳኒ ዓቅምን ፍቃድን ዘለካ ንዓኻ ከምዝተሰዓርኩ

ይነግር ኣለኹ። ንስኻ ከም ሰብ ሓሊፍካ ትከይድ ኣይኮንካን እሞ ይምካሓልካ ኣለኹ።

ኩሉ ሰብ ገዛእ ርእሱን ኣከባቢኡን ኣብ ዝሰምዓሉ ዘመን ቃለይ ኣይስማዕን እዩ እሞ በጃኻ ስምዓኒ። ፍቅርን ጽቡቅ ዝራሓቆን ናይ ትዝታ ሰብ ኮይነ ኣለኩ እሞ ዘመነይ ከምቲ ናይ ቀደም ሓድሶ። ሰብ ብዝሰልቸዎ ዘመን፡ ዘይጽገብ ፍቅሪ ሃበኒ። ንሕማቅ ብሕማቅ ከይመልስ ብጽቡቅ ምስዓር ዓድለኒ።

ንትማሊ ብጣዕሳ፡ ንሎሚ ብሕርቃንን ካብ ምምልካት፡ ንመጻኢ ብእምነት ንክርኢ በጃካ ርድኣኒ። ብዝርእዮም ነገራት ተወሲነ ኣለኹ እሞ ናይ ተስፋ ሃገረይ ኣጉልሓለይ። ሰብ ምስ ሰቡ ክተሓጋገዝ፡ ኣነ ግን ካባኻ ወጻኢ ዝጽዉዖ የብለይን እሞ ርድኣኒ። ንሰባት ብሙሉእ ልበይ ክፈትዎም ርድኣኒ። ንሰባት ድማ ንዓይ ብምፍታው ከይፍተኑ ሓግዞም። ቃላት ቆርጣሚ ትግርኛ ሰንጣቂ ካብ ሙኺን ሓቂ ነናጋሪ ግበረኒ። ሰባት ቋንቋይ ይሰምዑ ኣለዉ ፡ ንስኻ ግና ሓሳበይ ተረዳኣለይ። ኩሉ ሰብ ናብ ናይ ገዛእ ርእሱ ሓሳብ ኣብ ዝዘንበለሉ፡ ንዓይ ግን ብሓሳባትካ ማርከኒ። ዕርክነትን ሓዳርን ባቢሎን ኣብ ዝኾነሉ ንዓይ ግን ቋንቋየይ ኩነለይ። ናይ ሰብ ቃላት የቁስል፡ ንዘርእይዎን ንዝሰምዕዎን ኣየሐጉሶምን እዩ እሞ ፡ ንዓይስ ናባኻ ምቅራብ ይሕሸኒ።

ንጹህ ምንጪ ከም ዝፈርስ ናይ ብዙሓት ጥዑያት ሰባት ኣእምሮ ፈሪሱ እዩ እሞ በጃኻ ኣድሕነኒ። ካብ ልቢ ንዘምልኩኻ ከይተበላሸዉ ከለዉ ዉሰዶም። ናይ ሃይማኖት ቃላትና ኩሉ ሰብ ክሰምዕዎ ጸሊእዎ ኣሎ እሞ በጃኻ ጥዑም ዘመን ኣምጻኣልና። ንነብሰይ ብቃልካ እንበር ብዝደኸመ ሓወይ ከይመዝን ርድኣኒ። ንዘልኣለም ብዘጸግዕ ሽምካ ኣሜን!!!

<u>ብምስጋና ወቒብካ</u>

ብኽብሪ ደሚቅካ፡ ብምስጋና ወቒብካ፡ ብኣእላፋት ተኸቢብካ፡ ብድሕሪ ኩሩቤል ነጊስካ እትነብር ዘይትዉሰን፡ ንኹሉ ግን ወሰን ዝሃብካዮ እግዚኣብሄር ኣምላኸይ የመስግነካ ኣለኹ። ናይዚ ኹሉ ፍጥረት ዓለም ምኽንያት ንስኻ ኢኻ፡ ንስኻ ግን ብዘይ ምክንያት ትነብር ኣለኻ እሞ የኽብረካ ኣለኹ።

ከምቲ ዘፍቀርካኒ ከፍቅረካ ኣይኽእልን እየ፡ ከመይ ከም ዘፍቀርካኒ ከማን ናይ ፍቅርኻ ልክዕ ክፈልጥ ዓቅሚ የብለይን እሞ በጃኻ ሓግዘኒ። ምስ ዝኣምኖ መንግስተ ሰማያት ክኣቱ፡ ምስ ዝኽሕዶ ከኣ ገሃነም እሳት ይኣቱ ኢለ ዘይኮንኩስ ፈትዩኒ እዩ ሞይትለይ እዩ ኢለ ክኽተለካ ርድኣኒ። ዓቅመይ ኣይፈልጥን እየ እሞ ብፍቅሪ ዓቅመይ ኣፍልጠኒ። ብመስበርቲ ምምሃር ኣይርሳዕን፡ ንዓይ ግን ብፍቅርኻ ምሃረኒ። ሰብ ኩሉ ንመከራ መደብ የብሉን። መከራ ግን ኣብ ልዕሊ ሰብ መደብ ከም ዘለዎ ኣሚነ ክጽበ ምሃረኒ። ንዝፈትዎም ብዘይ ሽግር ንኽኾኑ ዝገብሮ ጻዕሪ ካባይ ኣርሕቆ፡ ኣይኹን ድማ። ንዝኾነ ሰብ ኣነ ካባኻ ንላዕሊ ለዋህ ከምዘይ ኮንኩ ኣፍልጠኒ። ንዝሓልፎ ኩሉ ናይ ናብራ ገጽ እዚ ከማን ህይወት እዩ ንክብል ኣሰልጥነኒ።

ጾጥታ ረበሻ ክኸዉን ከሎ ኣጸናናዓኒ። ዝኾነ ንኸይገብር ዝሓዛእክዎ ናይ ጸጥታ ሰዓታተይ ንዝተጨነቑ ንከማቕል ዓድለኒ። ኣብ ገዛእ ርእሰይ ዘሎ ሓሳብ ምስማዕ ዘይኮነስ ንኻልኦት ኣብ ምርዳእ ዘሎ ደስታ ግለጸለይ። ንዘይገብሮ ንከይዛረብ፡ ንዘተዛረብክዎ ድማ ንኽፍጽሞ፡ ካብ ኩሉ ንላዕሊ ድማ ወሃቢ ተስፋ ኽኸዉን ይልምነካ ኣለኹ። ኣብ ልዕል ሰብ ዝኣክል ፍጡር ክፍጸም ዘይግባእ ከም ደርሆ እሽ ኢለ ንከየባርሮም ምስትዉዓል ሃበኒ። ኣይከዉንን እዩ ኣብ ግዚኡ ጽቡቅ መልሲ ምኳኑ ግለጸለይ ።

ጐይታየ ወላ እኳ እንተሸገርኩካ ድልየተይ ከገብር የሕሊፍካ ኣይትሃበኒ። ካብ ዘጣዕሰኒ ሕልና ኣድሕነኒ ። ስጋይ ካብ ዓቅመይ ንላዕሊ ኮይኑኒ ኣሎ እሞ ንስኻ ግዝኣኒ። ንዓኻ ካብ ምግዛእ ወጻኢ ካልእ ሓሳብ የብለይን። ንምእዛዝካ ግና ድልየት እንበር ዓቅሚ የብለይን እሞ ጸጋኻን ናይ ጸጋኻን ህያብ ለኣከለይ። ፈሊጠ ከምዘይፈለጥኩ ካብ ምኂን ኣድሕነኒ። በዚ ናይ መገሻ መነባብሮይ ከይርስዓካ ካብ ርእሰይ ሓልወኒ። ምናልባሽ ጽባሕ ከይትመጽእ እሞ ምስ ሓጥያተይ ከይትረኽበኒ ጻዕዳ ክዳንካ ኽደነኒ። ናብ ፍጡራት ከይጽጋዕ ጽድቆም ንባዕሎም እኳ ኣይኣኽሎምን እዩ እሞ፡ ንስኻ በቲ ንብዙሓት ኣኺሉ ንዝተርፍ ጽድቅኻ ኣጽድቀኒ። ብዘይኽሓድ ሓቅነትካ ንዘልኣለም ኣሜን!!

<u>ተድልየኒ ኣለካ</u>

ኣብ ዘመነ ጥምየት ዝጸገብኩኻ ዝጠዓመ መግቢ፡ ካብ ብጽምኢ ምንክርታት ዝረወኩልካ ጽሩይ ማይ፡ ሕፍረተይ ዝሸፈንኩሉ ጻዕዳ ክዳነይ፡ ኮብሊለ ዘይፈርስ መዕቆብየይ ገዛይ ዎ እግዚኣብሄር የመስግነካ ኣለኹ። ንጽቡቀይ ዝጸማእካ ብሩኽ መምህረይ፡ ኣነ ንዓኻ ካብ ዘድልየካ ንላዕሊ ንስኻ ንዓይ ተድልየኒ ኣለኻ። ንጽቡቅ ስራሕ እምበር ንሓጥያትሲ ነብሰይ ከምዘይትደክም ሪኤያ። ካብቲ ዝረኸስክዎ ንላዕሊ ኣብ ፍቅርኻ ኩናት ብምዉርዋረይ፡ ኣብ ዉሽጢ ቁስልካ ጸጸር ምምለኣይ ተሰሚዑኒ እዩ እሞ ካብዚ ንሞት ዝተዋህበ ስጋይ ንስኻ ኣድሕነኒ ።

ኽሳብ ሕጂ ወላሓንቲ ሕማቅ ዘይራኣኹልካ ጐይታይ፡ ወርቂ ከተለቅሓኒ ኮለኻ ንዓካ ጸጸር ምምዛነይ ተሰሚዑኒ እዩ በጃኻ ይቅረ በለኒ፡ ንስኻ ዝመረጽካዮ ሰብ ግበረኒ። ኣብ ኢድ ስራሒ ዕትሮ ዘሎ ዕትሮ ምስ ዝበላሾ እንደገና ናይ ምስራሕ ዕድል ኣለዎ፡ ኣነ ድማ ንኽብርካ ዘይቀዉም ሰባር እየ እሞ እንደገና ስርሓኒ። ዝነብረሉ ካልእ ምኽንያት የብለይን እሞ ብኣይ እትሰርሖ ስራሕ ወዲእካ ተኾንኳ ቀልጢፍካ ዉሰደኒ። ንስኻ

ክትጠቀመለይ እምበር ንኻልእ ምንባር ህርፋን የብለይን። ጉልበተይ ድዩ ? ደኺሙ። መልክዐይ ድዩ ? ፈሪሱ። የዕሩኽተይ ድዮም ? ከም ግመ በኒኖም። ኣለኒ ኢለ ክሳብ ሕጂ ዘይሓፈርኩልኳ ፈታዊየይ ብሰላም ብጥዕና ናብ ሰማያዊ ገዛይ ኣብጽሓኒ።

ተራእዩ ካብ ምጥፋእ፡ ጀሚርካ ካብ ምግዳፍ፡ ተሓርዩ ካብ ዘይምምራጽ፡ ዕርፊ ሒዙ ንድሕሪት ካብ ምሕራስ፡ ጥዒሙ ከምዘይ ጠዓመ ካብ ሙኺን ኣድሕነኒ። ከም ኣደባባይ ክንደይ ይሓልፈኒ፡ ክንደይ ይምለሰኒ እዚ ኩሉ ንምክልኻል ኣነ ኣይክእልን እየ ንስኻ ግን ብትእዛዝካ ኣኽእለኒ። ልዕሊ ኩሉ ሽምኻ ብኣረማውያን ከየጽርፍ ኣድሕነኒ። ሰብ መጀመርታ እምበር መወዳእታ የብሉን እሞ ፍጻመይ ኣጸብቀለይ። እዚ ካብ ወንጭፍ ንላዕሊ ዝቅልጥፍ ዘመን ኣደንዚዙኒ እዩ እሞ ብጹኑዕ ፍቅርኻ ኣንብረኒ።

ምስሉይነት ካብ ዘጥቅዓ ዓለም ኣድሕነኒ። ኣነ ከማን ከይተረድኣኒ ወረኛ እየ እሞ በጃኻ ለዉጠኒ። ኣብ ቃለይ ንኽርከብ ዓድለኒ። ሓጥያት ኣብ ዝበዝሓ ዓለም ጽድቂ ከም ሓጥያት ይቑጸር እዩ እሞ ነዉሪ ክብሪ ዝኾነሉ ዘመን ኣሕልፈለይ። ሰብ ማለት ፈላጢ ፍርዲ እዩ እሞ ወገንነት ኣርሕቀለይ። ፈተንኡ ብዘይ ወድአ ሰብ ከይሓምም ሓልወኒ። ኣነ ከኣ ፈተናይ ኣይወዳኩን እሞ ኣብ ልዕሊ ሰብ ከይፈርድ ኣድሕነኒ። ካብ ኩሉ ንላዕሊ ካብ ዘጣዕስ ሕልና ሓልወኒ። ብወድኻ ብፍቁርካ ብናይ ዓለም ቤዛ ብኢየሱስ ክርስቶስ ስም ንዓኻ ከኣልነት ይግበኣካ። ንዘልኣለም ኣሜን!!!

ንድኻ ሃብቱ

ንጉሰይን ኣምላኸይን ኢየሱስ ክርስቶስ ንድኻ ሃፍቱ፡ ተስፋ ንዝቆረጸ ዝተኣመንካ ተስፋ ንስኻ ኢኻ እሞ የመስግነካ ኣለኹ። ሓዘን ዝጠነሰ ልበይ

ሓኪሙ ንስኻ ኢኻ ተመስገን። ንስኻ ጥራይ ኢኻ ንስኻ። ናይ ጸላእቲ ምስዳድ፡ ናይ ፈተውቲ ክድዓት፡ ናይ ፍቅሪ ዘይኮንስ ናይ ስምዒት ኣኼባ ኣድኪሙኒ። ንስኻ ናይ ሰብ ልቢ መን ይፈልጦ ኢልካኒ ኣነ ጎራሕ ግና እፈልጦ እየ ኢለካ ኔረ። ካብ ዘይርከብ ልቢ ንስኻ ኣድሕነኒ።

ሰብ እንታይ ከም ዝሓስበለይ ኣይፈልጥን እየ ንስኻ ግን ጥዑይ ኣሕሰቦ። ከፉእ ምኺን ጥራይ ዘይኮነስ ቅኑዕ ምኺን'ውን ፈታዊ የስእን እዩ እሞ ንስኻ ፈታዊ ኩነኒ። ኩሉ ዝገብሮ ንዓኻ ክብል ክገብሮ እምበር ሕሳብ ከይሓስብ ርድኣኒ። ናባኻ ዝመጻእኩ ምስ ሰብ ዘለኒ ወዲኣ እየ እሞ ኣይተሕፍረኒ። ብኣኻ ዘለኒ ኩርዓት ኣጥፊአ ኣብ ቅድሚ ሰብ ካብ ዝቀውም ሞት ይሕሸኒ። በቲ ኣባኻ ዘለኒ ኩርዓት ኣንብረኒ። እንዳ ተረኣኣና ኣይንረኣኣይን፡ እንዳ ተዛረብና ኣይንሰማማዕን ። ኩሉ ድሌቱ ጥራይ ኣብ ዝሰምዓሉ ዘመን ንስኻ ዋሕስ ኩነኒ። ቀደም ከገልግለካ ከለኹ ሰባት ምስ ትድንጉዮም ኮርዮም ክኸዱ ርእየ ኣለኹ። ሕጂ ከኣ ምስ ሃብካዮም ክኸዱ ርእየ ኣለኹ እሞ እዚ መልክዕ ዘይብሉ ዘመን ኣሕልፈለይ። ጐይታየ ካብ ክንደይ የሕሊፍካኒ ? እዚ ኹሉ ኸኣ ንጽቡቐይ ጌርካዮ ኢኻ እሞ የመስግነካ ኣለኹ። ፍትወይ፡ ፈተና መወዳእታ ዘለዉ ይመስለኒ ኔሩ፡ ጉይታየ ፈተና ግን ኣይዉዳእን እዩ። ፈተና ምስ ዝኸዉን እቲ ዝስንብድ የሰንብዶ፡ እቶም ዝፈልጥዎ ከኣ ይጠፍኡ። በጃኻ ካብ ፈተና ኣድሕነኒ። እዚ ፈተና ኣይኮነን ኢለ ዝንዕቆ ዝነበርኩ ኩሉ ሕጂ ግና ወራር ኮይኑ መጺእኒ ኣሎ እሞ ሓያል ኣምላኸይ ብሰረገላኻ ምጸኒ።

ኣብ ቅድሚ ነገስታት ክቆመልካ ዝሓሰብኩ ኣብ ቅድሚ ሓደ ናጽነት ዝሰኣነ ሰብ እኳ ምቛም ስኢነ እሞ በጃኻ ከም እንደገና ስርሓኒ ። ፍርሓት ከም እንስሳ በጺሕኒ፡ ጸላኢየይ የፈራርሓኒ ሰባት ከምዚ ከየብሉ ዝብል ሓሳብ የፍርሓኒ። ብናይ ፈታዊ ፍርሓት ፡ ብናይ ጸላኢ ፍርሓት ፡ ብናይ ቤተ ሰብ ፍርሓት፡ ብወገናተይ ተታሒዘ ኣለኹ። ዘየፍርሕ ዘፍርሓኒ፡ ክርክር ዝበዝሓኒ ወደኻ ኣድሕነኒ። መፍትሕ ከየድልየካ ናብ

ኣዳራሽ ልበይ ኣቲኻ ንነብሰይ ሰላምካ ስበኸለይ። ብወድኻ ብፈታዊኻ ብኢየሱስ ክርስቶስ ፍቅሪ ንዘልኣለም ኣሜን !!

ምዕራፍ ክልተ

ብዝኣምኑኻ ልቢ ተፈቲኻ

ብሰማይ ከቢርካ፡ ብምድሪ ተፈሪህካ፡ ብዝኣምኑኻ ልቢ ተፈቲኻ፡ ብነገደ መላእኽቲ ተቀዲስካ ትነብር ቤዛየይ ኣማኑኤል የመስግነካ ኣለኹ። ብዕጹው ደገ እትኣቱ፡ ኣብ ሕልናይ ስልጣን ዘለካ፡ ናይ ትማልን ናይ ጽባሕን እትውስን ንጉሰይ የመስግነካ ኣለኹ። ከምዛ ቅድሚ ሕጂ ብሓይለይ ዝነብር ዝነበርኩ ከመይ ጌረ ክነብር እየ ? ኢለ ኣይጭነቕን ። መንበርየይ ንስኻ ኢኻ፡ ጉድለት ዘይብልካ በረኸተይ ንስኻ ኢኻ። እንጀራይ ካብ ሰማይ እትሰደለይ ንስኻ ኢኻ። ንስኻ እንተ ዘይልኢኽካለይ ኣሸንኳይ'ዶ ሰብ መልኣኽ ከማን ኣይህበንን። ናይ ህይወት ሀ ሁ. . . . ካብ መጀመርታ ዝመሃርካኒ፡ ከም ዝጠፍአ ህጻን ኢደይ ሒዝካ ዝመራሕካኒ፡ ፕሮቶኮለይ ኮንካ ዘስተኻኸልካኒ፡ ካብ ሓመድ ኣልዒልካ ወርቂ ዝኸደንካኒ ኩሉ ሂብካኒ ገዛእ ነብስኻ ዝወሰኽካኒ ጐይታየይ የመስግነካ ኣለኹ።

ናይ ኣመንቲ በረኸት ኢየሱስ ክርስቶስ ብናይ ናብራ ፍርሃት ተታሒዘ ኣለኹ እሞ ዘይክእሎ ናብራ ከም ዘይሃብካኒ ዘስተውዕል ኣእምሮ ዓድለኒ። ኣብ ፊትና ዘሎ ናይ እያሪኮ መንደቅ ከተሓሳስበና ከሎ ካብኡ ዝበልጽ ባሕሪ ኤርትራ ከም ዘሳገርካኒ ኣዘክረኒ። ዘሕዝኑ ግጥሚ ከይሰርሕ፡ ዘጻናንዑ እንዳ መሰለኒ ከየቑስል ርድኣኒ። ነዛ ክነብራ ዝሃብካኒ ምድራዊት ሃገረይ ከም ጽርሃ ኣርያም ኣብ ናይ መመስገኒኻ ኣደባባይ ኮንካ ብዓይኒ ምሕረት ርኣያ። ህዝብኻ ብስጋን ብነብስን መእተዊ የብሉን እሞ መጸግዒ ኹኖ።

ፍሉጣት ምስ ዝጉድኡ ኩሉ የልቅሰሎም። ኣብ ኣደባባይ ንዝተሰናኸሉ ኩሉ የእውየሎም። ጐይታየይ ንስኻ ግና ድምጺ ኣልቦ ናይ ዝኾኑ ወገናት ስማዕ። ሎሚ ከይደኸምኩ ኣብ ማእከል ግራት ኮይነ እጽበየካ ኣለኹ። ንኹሉ ክትበጽሕ ናተይ ሪጋ ኣይበጽሕን ድዩ ክሳብ መዓስ

ንብዓት ክኸውን ቀለበይ ? ክሳብ መዓስ መዋዘዪ ናይ ተዋዘይቲ ክኸውን እየ ? ንኽብርኻ ክትብል ግበሮ። ሰብ ኩሉ ብርሑቅ ጥዑይ እዩ ፡ ምስ ቀረብካዮ ለዋህ ግና ንስኻ ጥራይ ኢኻ። ዓቢ ዝበሃል ክሰኣን፡ ዘኣመንካዮም መስፈር እንጣጢዕ ክኾኑ፡ ሃይማኖት ናይ ሽፋቱ በዓቲ ክኸውን ጥራሕ ዝባነይ ጠጠው ከም ዝበልኩ ኮይኑ ተሰሚዑኒ። ንስኻ ግና ትንፋሰይ እንዳ ኣቀጻልካ ኣብዚ ኣብጺሕካኒ ። ሰብ ብዝጠፈኦ ዘመን ሰብ ግበረኒ ። ብወድኻ ብፈታዊኻ ብኢየሱስ ክርስቶስ ስም ኣሜን።

<u>ናይ መበለት ዳኛ</u>

ፍርድኻ ከም ንግሆ ብሩህ ፡ ሓቕኻ ከም ቀትሪ ንጹር፡ ናይ ሰማይን ምድርን ጐይታ የመስግነካ ኣለኹ። ናይ መበለት ዳኛ፡ ናይ ድኻ ሞግዚት፡ ናይ ዝተሸገሩ ጠበቃ ፡ ሓቂ ንዝጠፍኣቶም ሓቂ ዝርከበካ ኢኻ እሞ የኽብረካ ኣለኹ። ልመናይ ብዙሕ ምስጋናይ ንእሽተይ ኢያ እሞ በጃኻ ወዳሲ ልቢ ፡ ኣመስጋኒ ልሳን ሃበኒ ።

ድኽነት እኳ ተፈለጥክዎ ሳኣል ኣይግዛኣኒ። ንድኻ ዝጸልእ ድኻ እዩ። ዋላ ስደት እንተ ፈለጥክዎ ዳዊት ኣይግዛኣኒ። ትማሊ ይርሳዕ እዩ። ጠቢብ እኳ እንተ ኾነ'ውን ሰለሙን ኣይግዛኣኒ። ትምህርቲ ቅንዕና ኣይከዉንን ኢዩ። እትምህር ጐይታ ንስኻ ጥራሕ ግዝኣኒ ።

ባርያኻ መከራን ደስታን ምሽካም ኣቕሚ የብሉን። ናይ መንግስተ ሰማይ ደስታ በዚ ስጋይ ስለምንታይ ከም ዘይሃብካኒ ተረዲኡኒ ኣሎ። ስጋይ ብደስታ ይነኣድ። ንስኻ ግን መከራን ደስታን ብዓቐን ትህበኒ ኣለኻ እሞ ተመስገን ። ካባኻ ወጻኢ ዝኣምኖ የብለይን። ንዓኻ ለሚነ ኣይሰኣንኩን እሞ ኣብ ፍጡራት ተስፋ ኣይገብርን። በጃኻ ሞተይ ኣብ ኢድካ ይኹነለይ። ብምስጋና ቃላት ዝተኸበብካ ብዘይ ድፈር ግርማ እትነብር፡ ናይ በረኻ ዓርከይ ጐይታየ ኢየሱሰይ ከም ዘብለጭልጭ ነገር

ኣብ ልዕልይ ተገሊጽ ። ናይ ህይወተይ፡ መደበይ፡ ሓዳረይ፡ ደቀይ፡ ሃገረይ፡ ጐይታ ኩን። ጥዑም መዕረፍየይ ብዝኾነ ብህያው ሽምካ ኣሜን !!

ናይ ልበይ ወደብ

ናይ ርእሰይ ዘዉዲ፡ ናይ ገጻይ ዓይኒ ርግቢ፡ ናይ ዓይነይ ብርሃን፡ ናይ ኣእዛነይ ብስራት፡ ናይ ኣፍንጫይ መኣዛ፡ ናይ ልሳነይ ጣዕሚ፡ ናይ ክሳደይ ካቴና፡ ናይ መንኮበይ ማዕርግ፡ ናይ ኣፍልበይ ንሻን፡ ናይ ልበይ ወደብ ብሩኽ እግዚኣብሄር የመስግነካ ኣለኹ። እንታይ ክገብረልካ ! ድኻ እየ እንታይ ክህበካ ! ካባይ እንታይ ይሕሸካ ! ዝህበካ ስኢነ ! ዋላ እኳ እንተዘይሃብካኒ ብትዕግስቲ ስለ ዝሰማዕካኒ ተገሪመ ! ሰማይን ምድርን ናተይ ተዝኸዉን ተዝህበካ ንዓይ ንዝፈተኻኒ ናይ ሓንቲ ሰዓት ናይ ፍቅርኻ ዋጋ እኮ ኣይከውንን። ንስኻ ንዓይ ስለ ዝፈተኻኒ በቲ ትፈልጦ ዓቀን ተመስገን። እምበር ኣነስ ስሱዕ እየ ፍቅሪ ኣይርዳኣንን እዩ።

ጐይታየ ደስታየ፡ ጉዳየይ ኣይውዳእን እዩ እሞ ናብ ዘይትዕዘበኒ ናባኻ መጽየ ኣለኹ። ደስታን ሓዘንን፡ መርዓን ቀብርን፡ ሽመትን ምዉራድን ተሓዋዊሱኒ እዩ እሞ ኣጥቢቅካ ሓዘኒ። ብዓመት ዝኣከብክዎ ብሓንቲ መዓልቲ ከጥፍኦ ተንሲአ ኣለኹ እሞ በጃኻ ናይ እዮብ ትዕግስቲ ሃበኒ። ሓሲብካ ምግባርን፡ ጀሚርካ ምዉዳእን ዓድለኒ። ዝጀመርክዎ ናይ ሰብ ህንጻ መሰረቱ ሓፍ ምባል ኣቢኒ ተሸጊረ ኣለኹ እሞ መድሃኒተይ ባርኸኒ። ኣብዚ ዘጨኻኽን ሕማቅ ዘመን ናይ ርህራሄኻ መንፈስ ዝርኣለይ። መራሕን ኣገልጋልን፡ ጎደና ናይ ዕብየት ንሰብ እናወሓጠ የጨንቅ ኣሎ፡ ግን ንመለስ ዝብል ተሳኢኑ ኩሉ ኣብ ክፉእ ደሪቁ። ፈታዉየይ! ንባርያኻ ሓንሳብ ዘክሮ።

ንሰብ ከም ነብሰይ ንኽርእዮ ርድኣኒ ለዋህ ንስኻ ጥራሕ ኢኻ፡ ለዉሃትካ ሪጋ ዘይብሉ ናይ ኩሉ ግዜ ለዋህ ንስኻ ጥራሕ ኢኻ። ብሩኽ ንስኻ ጥራሕ ኢኻ፡ ብድሕሪ በረኸትካ ዘሎ ድማ በረኸት ጥራሕ እዩ። ናይ

ሰብ ጽድቂ ግን ናይ ወኻርያ ብሕትዉና እዩ። ናይ ዓሚ ሎሚ ፈሪሱ፡ ናይ ትማሊ ሎሚ ተባላሸዩ፡ ናይ ቅድም ከኣ ሕጂ ረኺሱ፡ ኩሉ ግዜ ብቦታኻ ዝረኸበካ ዘይትቕየር ግን ንስኻ ኢኻ። ክዳንካ ሒዘ ሓደ ነገር ይልምነካ ኣለኹ። ብቁሞቱ ንዝወደቀ፡ ቆጽሊ ኲይኑ ዝተረፈ ናይ ሃገረይ መንእሰይ በጃኻ ገለ በል። ስለ ዝሰማዕካኒ የመስግነካ ኣለኹ። ብሓደ ወድኻ ብኢየሱስ ክርስቶስ ዘይዉዳእ ክብሪ ንዓኻ ይኹን ኣሜን!!!

<u>ናይ ናዝሬት ብሩኽ</u>

ናይ ምድረ በዳ ዓርከይ፡ ናይ ኣካዉሕ ማየይ ፡ መዓልቲ ዘየሸብረካ ናይ ኩሉ ምንጪ ኣምላኸይ ፈጣርየይ የመስግነካ ኣለኹ። ኣብ ስደት ሃገር ተቐቢልካ ሃገር ዘላመድካኒ፡ ኣብ ሃገርይ በይነይ ክኸዉን ኮለኹ ዝኸበብካኒ ንስኻ’ዶ ኣይኮንካን ? ንዘይፈልጦ ህዝቢ ዘግዛእካለይ፡ ሓያላት ዝማረኽካለይ፡ ቋንቋየይ ዘጥዓምካለይ ንስኻ ኣይኮነካን ዲኻ ? ከማይ ዝበደለ እኳ እንተዘየለ ከማይ ዝካሓስካዮ ከ መን እዩ ? ብዝተጸበኹኻ ገዲፍካ ብዘይተጸበኹኻ ዝረኸበካ ናይ ናዝሬት ብሩኽ ጐይታይ ኢየሱስ ክርስቶስ ተመስገን።

ንትፈልጠኒ ንዓኻ ይገልጽ ኣለኹ፡ ንሓኪመይ ንዓኻ ዕርቃነይ ይወጽእ ኣለኹ። ጐይታየ ናይ ትዝታ ስንብራት፡ ናይ ጸላኢ ፍላጻ ዘቑሰሎ ኣካለይ፡ ምኽዳዕ ኣይቕበልን ኢሉ መሊሱ ዝወዛወዝ ልበይ ካብ ናይ ደምካ ዘይቲ ኣፍስሰሉ። ንግሆን ምሸትን ክረምትን ሓጋይን ንዓኻ ይጽውዕ ኣለኹ። ዝማረይ ምቁዛም ጸሎተይ መረረ ኣይትሓዘለይ፡ ዝተጸበኽዎ ከምይተጸበኽዎ ዳ ኾነኒ።

ስነይ ናይ ልበይ ጉድ፡ ክዳነይ ናይ ገዛይ ሕፈርት፡ ንስኻ ግን ሕቡእ ሓጥያተይ ሸንፊንካዮ። ዝተኸተልክዎም ፈተውተይ ዓፍራ ኾይኖምኒ፡

ዘኽበርክዎም ናይ ሃይማኖት ኣቦታተይ ዝናብ ዘይብሎም ደበና ኮይኖሙኒ ሰምቢደ ኣለኹ እሞ ሓፊሩ ንዝተመልሰ እትቅበል ጐይታይ በጃኻ ተቀበልኒ። ቀጻልነት ዘይብሉ ናይ ይምሰል ፍቅሪ፡ ዕብየት ዘይብሉ ናይ ይምሰል ቤት ባዶ ጌሩኒ እሞ ንክጸናናዕ ናይ ምሕረት ገጽካ ኣርእየኒ።

ኣብ ሰብ ምሙርኳስ ከም ኣብ ሻንብቆ ምድጋፍ እዩ እሞ፡ ይስበር። ጐይታየ ካብ ምስባሩ'ስ ተሴሩ ምውጉኡ ይኸብድ እሞ ጐይታየ ኣጸናናዓኒ። ናይ ምስሉይነት ናበራ ኣድኪሙኒ። ሰብ ሓቂ ጸሊኡ ዘይኮና ንምምሳል ክጽዕር ካብቲ ዝኾኖ ንላዕሊ ክደክም እንዳራኣኩ እዚ ንምንታይ ናይ ሰብ ምርጫ ኮይኑ ? ኢለ። ኣብ ቅድሚ ሰብ ጻድቅ ካብ ክበሃል ኣብ ቅድሚኻ ንስሓ ይሕሸኒ። ሓቂ ጥራሕ ናጻ ከም ተዉጸአ መሃርኒ። ጐይታየ ኣብ ቤትካ ኣንጭዋን ተመንን ዋና ኮይኖም ክጭፍሩ ርኣኹ ሓሰውቲ ኣብ ዝበዝሑሉ ዘመን ንሓቐኛ ሓሳዊ ኢዩ ኢለ ስቅ በልኩ። ግን ንምንታይ ጐይታይ ? ንዓኻ ዝቆጠብካያ ነፍሰይ ጨሪሰ ካብ ሞት የምልጣ ዶ ይኸዉን ?

ዎ ፍትወይ ! ናይ ኣታለልቲ ልሳን ንዓኻ ኣይእምነካን እዩ፡ ልቢ ገንጺልካ ንተንብብ ኣፈ ኣይጋግየካን እዩ እሞ ደስ ኢሉኒ። በጃኻ ሓቀኛ ልመናይ ስማዕ ሓቂ ጠፊኣ ኣላ እሞ ተረኸበለይ። ብሰረገላ ንፋስ ተጻዒኑ ብቅልጡፍ ንዝሓልፍ ዘሎ ዘመን ብምስትውዓል ኣሳግረኒ። ናይ ሓሶት ቤት ምፍራሱ ዘይተርፎ እዩ እሞ ካብ ሓሶት ሓልወኒ። የዕሩኽ ዘብዝሑ መከራ ኣብዚሖም እዩም እሞ ብጻየይ መን እዩ ክብል ርድኣኒ። ኩሉ ክብሪ ንዓኻ በረኸቱ ከኣ ንዓና ይኹን። ብስም ብኢየሱስ ክርስቶስ ኣሜን !!

ናይ ጸባኦት ንጉስ

ስሙ ዝገነነ ጐይታይ፡ ናይ ጸባኦት ንጉስ መድሃኒተይ የመስግነካ ኣለኹ። ካብ ትማሊ ሎሚ ፍሉይ ኢኻ። ካብ ዓምን ቅድሚ ዓምን ሎሚ ዓመት ግሩም ኢኻ። ኩሉ ኣለኒ ኣብ ዝብለሉ ግዜ ምሳይ ኔርካ። ኩሉ

ክርሕቀኒ ምሳይ ኣለኻ። ናይ ሰብ ጽምኣተይ ዝመለስካለይ ጐይታይ ተመስገን። ሰብ ንዓኻ እንታይ ይህበካ ? ውዕለትካ በዚሑኒ ብሓጺሩ ተመስገን። ንዓይ ዘለካ ምሕረት ብዙሕ እዩ። ብጣዕሚ ብዙሕ ዝኾነ ህያብካ መስፈሪ የብሉን። ክልካዕ ዘይክእል ቅኔ፡ ክግመት ዘይክእል ናይ ምስጋና ናእዳ ዝፋንካ ይኸበቦ።

እዛ ዓመት ዝፈታተን መዓት ዝሓለፈላ፡ ቃልቃል ዝብል እሳት መጽዩ ዝተመለሰላ ዓመት እያ። ጐይታየ ብቅንዕናይ ኣይኮነን፡ ብቁም ነገርይ ድማ ኣይኮነን። ነዚ ዘብጻሓኒ ብምሕረትኻ እዩ እሞ ተመስገን። ሓሳበይ ስለ ዝመላእካለይ፡ ትምኒተይ ስለ ዝመላእካለይ ካብ ኩሉ ንላዕሊ ከኣ እዛ ዓመት ስለ ዝወሰኽካለይ የመስግነካ ኣለኹ። መንግስትኻ ዘይከኣል፡ ዝነገሩኻ ዘይትርስዕ፡ ዝለመኑኻ ዘይትኸልእ ምኺንካ እንዳ ሓሰብኩ ብምድናቕ የመስግነካ ኣለኹ። ተገርም ኣምላኸ ካብ ዓሚ ሎሚ ዓመት ዉዕለትካ በዚሑኒ "ዘይውድኦ ጐይታየ" ተመስገን። ንናትኻ ክብሪ ዝገልጹ ቃላት ጌና ኣይተፈጥሩን እሞ እንሆ ብምግራም የምልኸካ ኣለኹ።

ኣምላኸይ ንዓኻ ለሚነ ኣይሰኣንኩን እሞ ከመይ ጌረ ኣብ ፍጡራት ተስፋ ክገብር ? ካብ ኩሉ ከኣ ንዓኻ ካብ ምልማን ዝዛሕተሉ፡ የለን ብዝብሉኻ ህዝቢ ሓዘንኩ። ንዓኻ ዝኸሓዱ መዕለቢኦም ሰረዙ፡ ንገዛእ ርእሶም ብኲናት ወጊኦም ቀተሉ፡ ሕልናኦም ንንእሽተይ ገዛኢ የሕሊፎም ሃቡ። ንስኻ እትደልዮ ብምምርማር ዘይኮነ ብቃልካ፡ ትርከቦ ድማ ብእምነት ምኺኑ ግለጸለይ። ልመናይ ተተቀቢልካዮ መሪር ንዝኾነ ህይወተይ ንስኻ ኣመቅሮ። ኣባይ ክትሓድር ተደሊኻ ልበይ መብልዕ ማል እዩ እሞ ንስኻ ኣጽርዮ። ከተንብረኒ ተጨኪንካ ፍቕሪ ኣይርደኣንን እዩ ንስኻ ተሰከመኒ።

ቤዛየ !! ኩሉ ክርእይ ኩሉ ክሰምዕ ምባል ኣብ ፈተና የእቱ እዩ እሞ ንስኻ ኣረጋጋኣኒ። ናይ ሰብ ንብረት ምቁጻር ቀናእ ይገብረካ እዩ እሞ ልበይ ሓልወለይ ። ብናይ ሰብ ስራሕ ኣነ ይመስገን ዝብል ናይ ነብስኻ ስራሕ የጥፍእ እዩ እሞ ምስትዉዓልካ ሃበኒ። ኹሉ ኣይኣክልን እዩ እሞ ኩሉ

ክሕዝ ካብ ምባል ሓልወኒ። ንዝጠቅመኒ ክሕዝ ቀጸራ ዘይኮነስ ዉሳኔ ንኽገብር ርድኣኒ ። ኣብ ጎቦ ምምራር ኣብ ስንጭሮ ምምስጋን በጃኻ ይኣኽለኒ ። ኩሉ ካባኻ ይርከብ እዩ እሞ ብሽም ኢየሱስ ክርስቶስ ህያዉ ስም ኣሜን!!!

ፍጹም ሰዓሪ ኢኻ

ናይ ቤተይ በረኸት፡ ናይ ዉሻጠይ ረድኤት፡ ናይ ኣቋውማይ ጽንዓት፡ ንስጉምተይ ብርታዐ ሓያል ጐይታይ ኣብ ወልድ መንፈስ ቅዱስ ሓደ ኣምላኽ የመስግነካ ኣለኹ። ብደበና ግሩም ኢኻ፡ ብሰማያት ልዕል ዝበልካ ኢኻ፡ ብኹሉ መንገዲ ምስጉን ኢኻ፡ ናይ ኣማልኽቲ ኣምላክ ፍጹም ሰዓሪ ኢኻ፡ ንዓለም ኩሉ ብሓንቲ ግዜ ኣድሓንካያ። ንዓይ ግን ብዙሕ ግዜ ኣድሓንካኒ። ዝረሓቅካኒ ሰዓት፡ ንበይነይ ዝገደፍካኒ ግዜ የለን ። ናይ ዓይንኻ መዕረፊ ጌርካኒ ኢኻ ኣባይ ምንባር ዉን ደስ ይብለካ እዩ እሞ ናይ ቅድስና ክብሪ ንዓኻ ይኹን።

መጀመርታ ዘይብልካ ንኹሉ ፍጻሜ ትህብ፡ መጨረሽታ ዘይብልካ ንኹሉ ደረት ዝወሰንካ ሓይልኻ ዘይስዓር ዘልኣለማዊ እግዚኣብሄር የመስግነካ ኣለኹ። ንልዑል ወድኻ ናብራይን ህይወተይን ጌርካ ስለ ዝሃብካኒ ተመስገን። ዘይጠፍእ ህይወት ጌርካ ስለ ዘዳለኻኒ ኣብ ሞትን ኣብ መቃብርን ምሳይ ስለ ዝኾንኳ ንዘልኣለም ብሩኽ ኩን። ቅድሚ ሕጂ ሪኢያ ዘይፈልጥ እዛ መዓልቲ ስለ ዝህብካኒ የመስግነካ ኣለኹ። ብዘደንቅ ምርጫ በዚ ዘመን ስለ ዝፈጠርካኒ የኽብረካ ኣለኹ ።

ጐይታየ ንሰብ ዘዋርዶ ዝሙትን ልሳኑን እዩ እሞ ካብዞም ነገራት ሓልወኒ። ዝሙት ናይ ስጋን ናይ ሰፍስን ዓቅሚ የጥፍእ እዩ እሞ ብደምካ ጌርካ ሕጽበኒ። ዓሻ ይኹን በሊሕ ኣምላኽ ኣለዎ እሞ ንወላሓደ ከየታልል ርድኣኒ። ናይ መልክዕ ጽባቀ ንዝሙት እምበር ንጽድቂ ኣይከውንን እዩ እሞ መልክዐይ ከፊኡ ኢለ ከይሓዝን ርድኣኒ። ዝጋገ ከለኹ ዘይጋገ ገዛኢ ደስ ይብለኒ። ንዓኻ ንዘይትጋገ ገዛኢ ምድላይካ ግን በርቲዑኒ። ጐይታየ

በጃኻ መንግስትኻ ትምጻለይ። ምዕባለ ንሓጥያት ምምልኻዕ እዩ እሞ እዚ ዘመን እናብለጭለጨ ከይወስደኒ ሓልወኒ።

ኣምላኸይ ሰብ ካብ ኣርባዕቲኡ ዓይነት ባህርያት ተፈጥሮ ሓደ ኣይኮነን። ከም ንፋስነቱ ይባኸን፡ ከም ሓዊ ይዓብድ፡ ከም ማይ ይወላወል፡ ከም መሬትነቱ ይሰንፍ፡ ካብ ኣርባዕቲኡ ባህርያት ዝተሰርሐ ፍጡር ቁም ነገር ከይጽበስ ይልምነካ ኣለኹ። ሰብ ኮይነ ናይ ሰብ ነገር እናገረመኒ ንዓይ ንወድኻ ይቅረ በለለይ። እዚ ዝልምነካ ዘለኹ ብዝሃብካኒ ሓይሊ እየ። ናይ መንገዲ ማዕበል ጐይታይ ንስኻ ኤልሻዳይ ኢኻ ንዘልኣለም ተመስገን። ስለ ሓጥያተይ ብመስማር ዝተወግአ ወድኻ ብኢየሱስ ክርስቶስ ስም ክብርን ምስጋናን ንዓኻን ንመንፈስ ቅዱስን ይኹን ኣሜን !!

ምዕራፍ ሰለስተ

መጨረሽታ ዘይብልካ

መጨረሽታ ዘይብልካ፡ ፍጻሜ'ውን ዘይብልካ፡ ዝፈልጠካ ዘየለ፡ ንዓኻ ክርኢ ዝክእል ዘየለ፡ ገዛእ ነፍስካ ግና እትፈልጥ፡ መንግስትኻ ዘይውዳእ፡ ሓይልካ ዘይሳዓር፡ ጉንንነትካ ዘይውዳእ፡ ጐይትነትካ ዘይስወር፡ ካብ ኩሉ ተሰዊርካ ከለኻስ፡ ንዓኻ ግን ኩሉ ዝተገልጸ፡ የዒንትኻ ካብ ኣድማስ ክሳብ ኣድማስ ዝርእያ ፡ ከም ወርቂ ያስጺስ እተብረቅርቅ፡ ትርኢትካ ከም እምኒ ሰርድዮስ፡ ከም ቀስቲ ስመራግድ ደሚቅካ እትርኣይ፡ ካብ ክሪስታል ንላዕሊ እተብርህ፡ ከም መረጼን ዑንቂ ባሕሪ ዝጸረካ፡ ሞጎስካ ዘመንን፡ ጽባቄኻ ቀልብኻ ዘረስዕ ዘልኣለማዊ እግዚኣብሄር ብምሉእ ልበይ እናሰገድኩ፡ ንዓኻ ዝግባኣካ ምግዛእ ይህበካ ኣለኹ።

ሕልናይ መከራን ሸበራን፡ ክድዓትን ምልውዋጥ ካብ ዘለዎ፡ እሾኽን ዳንዴርን ካብ ዘድምይዋ ካብዛ ናይ ቆጸራ ዓለም ልዕል ይብል፡ ዝተባዝሐ ጡጥ ዝመስል ደበና ይሓልፍ፡ ናይ ቀላይ ምንጭታት ይሰንጠቁ ፡ ሓጹር ናብ ዘለዎ ናይ ሰማይ ወደብ ይበጽሕ፡ ዘልኣለማዊ ግዝኣት ኣብ ዘለዎ ናይ መላእኽቲ ሃገር ይጽጋዕ ፡ ዓበይቲ ግዝኣታትካ ካብ ዝርኢ ኣትሒዘ ካብ ብርሃን ወጋሕታ ንላዕሊ ዘብርህ ጐይታ ይደልዮ፡ ይርኢ እሞ ፡ ምስ ፍጡር ምዝርራብ ይስእን፡ መቅደሱ'ውን ደሊኻ ይርከብ፡ መጋረጃኡ ሓዊ ፡ ናይ መሕደሪኡ መንደቅ ብማይ ዝተሃንጸ ፡ ብድሕሪ ኪሩቤል ዝነገስካ ፍሉይ ሰለስተ እትኽውን ንዓኻ ይረክብ። በጃኻ ጐይታየ ኣብዚ ተመሲጠዬ ዘለኹ ይትረፍ፡ ናይ ዓለም ጉድለትን ምልኣትን ክሓስብ ናብዚ ነውሪ ኣይመለስ። ሰብነተይ ከም ዝደሓነቶ፡ ልበይ ከም ዝተፈወሰቶ፡ ኣካለይ ከም ዝለምለመቶ ትትረፍ።

ናይ ኣባትነት ኩሉ መበገሲ እግዚኣብሄር ኣብ ኣቦይ የመስግነካ ኣለኹ። ብእምነት ኣቦይ ኢለ ይጽውዓካ ኣለኹ። ካብ ኣደ ንላዕሊ ቀረባይ ይብለካ

ኣለኹ። ካብ ሓወይ ንላዕሊ ሓወይ ኣያይ ይብለካ ኣለኹ። ካብ ኣየር ንላዕሊ ከም ዝከበብካኒ ይኣምን ኣለኹ። ካባይ ንላዕሊ ንዓይ ከም ትሓስብ ርኤ ኣለኹ፡ ካብ እስትንፋሰይ ንላዕሊ ቀሪብካ ይረኽበካ ኣለኹ። ዝተቀደሰ ስም ዘለካ ኣብ ወልድ መንፈስ ቅዱስ ናይ ብርሃንካ ሓይሊ፡ ናይ ፍቅርካ ጠሊ፡ ናይ በረከትካ ዝናብ ኣባይን ኣብ ልዕሊ እቶም ናተይ ዝኾኑን ይፍሰስ። ንስኻ ከመይ ከም ተመሓድር ንኣማሓዳርቲ፡ ከመይ ከም ተንብር ንኣቦ፡ ከመይ ከም ተዕቢ ንሞግዚት፡ ከመይ ከም ትሕሉ ንሓለውቲ፡ ከመይ ከም ተፍቅር ንኣፍቀርቲ፡ ከመይ ከም እትህብ ንለገስቲ ግለጸሎም።

ካህነይ ንስካ ኢካ፡ መስዋእተይ ድማ ናይ ወድኻ ደም እዩ፡ መሰውእየይ ድማ ደላይ ይቅሬታ ልበይ እዩ። ብወድኻ ብፈታዊኻ ብኢየሱስ ክርስቶስ ብእኡ ዘሎካ ከኣልነትን ክብርን ንዓኻን ንመንፈስ ቅዱስን ይግባእ። ንዘልኣለም ኣሜን።

ናይ ነፍሰይ ንጉስ

ናይ ነፍሰይ ንጉስ፡ እሙን ናይ ኣባጊዕ ጓሳ፡ ዓይንኻ ሰለም ዘይብላ፡ ሽፋሽፍትኻ ዘይክደን፡ ከይዘንጋዕኻ ንኹሉ እትሕሉ ጐይታየ የመስግነካ ኣለኹ። ንኣጸዋውዓ ስምካ ክብሪ ይግባካ ! ዕድመ ዘይግድበካ ኣልፋን ኦሜጋን ፡ ዘይትክኡኻ ናይ ጐይቶት ጐይታ፡ ዘይትድፈር ናይ ይሁዳ ኣንበሳ ጐይታይ ኢየሱስ ክርስቶስ የምስግነካ ኣለኹ። ናትካ እዝኒ ጸሎት ኣየፍስሱን እዮም እሞ ንዝሓመሙ ከተድሕን፡ ኣኺሉ ተወዲኡ ዝተባህለ ጉዳይ ከተቀጽል፡ ናይ ሞት ደብዳቤ ብሓላፍነት ክትቅይር ርእየ ኣለኹ። ኣለኒ ምስጋና፡ ኣለኒ ክብሪ፡ ኣለኒ መዝሙር፡ ኣለኒ ሞጎስ ተቀበለኒ። ንዓኻ ይግዛእ ኣለኹ፡ ነፍሰይ ንዓኻ ጥራሕ ይህበካ ኣለኹ፡ ብዘይ ብኣኻ ክብሪ የብለይን ክብረይ ንኽብርካ ይድርብዮ ኣለኹ። ናይ ከንፈረይ ፍረ ምስጋና ይስዋኣልካ ኣለኹ።

ጐይታየ ዓለም ኮንቱ እያ። ከም ዋዛ ክንደይ ሓሊፉ። ዝነበረ ክሳብ ዘይመስል ኣሰሩ ጠፊኡ። ዘሎ ከኣ ከም ሕልሚ ክኸውን እዩ። ግዙፍ ነገር ሓደ መዓልቲ ስእሊ ኮይኑ ይተርፍ። ጐይታየ ካልኦት ክወድቁ እንዳረኣኹ ዝወድቅ ኣይመስለንን እዩ እሞ ተታላሊ ወድኻ ርድኣኒ። ነዚ ኩሉ ክትለዋውጥ ስራሕ ኣይበዝሓካን። ጽዋእ ካብ ሓደ መንዚዕካ ንሓደ ክትህብ ኣይትጋገን ኢኻ። በጃኻ መድሓንየይ ካብ ዝጎድኣኒ ዘመን፡ ጽባቐ ከም ዛዕዛዕታ ካብ ዝረግፈሉ መዓልቲ ኣድሕነኒ።

በዓል ጸጋ፡ ጽቡቕ ሽም፡ ምስክር ወረቐት ፡ ኩሉ ዘድንቆ ጭውነት ዕረፍቲ ኣይህበንን እዩ እሞ ብናትካ ጽድቂ የዕርፈኒ። እዛ ዓለም ቤተይ ኣይኮነትን ናይ ሰማይ ተስፋይ ወትሩ ኣሕስበኒ። ሰብ ምፍራሕ መጻወድያ እዩ እሞ፡ ብፍቅሪ ይኩን ብጽልኢ ሰብ ካብ ምፍራሕ ኣድሕነኒ። ኣሽሓት ዓመታት ክጠፍኡ ፍቅሪ ጥራሕ ትነብር ኣላ ኣፍቃሪ ግበረኒ። ሓመድ ንዝኾነ ሰብ ፍቅሪ ጥራሕ ይኣክሎ እዩ እሞ እምነተይ ብኣኻ ጥራሕ ግበረለይ። ኩሉ ተጻወረኒ ኣብ ዝብለሉ ዘመን ንኹሉ ናይ ትዕግስቲ ጸጋ ዓድል ! ብዘይሕፍር ምሕረትካ ንዘልኣለም ኣሜን።

<u>ናይ ዓይነይ ብርሃን</u>

ካብ ጸልማት ዓለምን ኣተሓሳስባን ዝወጻኹልካ፡ ነፍሰይን ከባብየይን ዝረግጾን ዝረኣኹልካ ናይ ዓይነይ ብርሃን መድሃኒ ኣለም፡ ምስ ነውረይ ዝተቀበልካኒ ብዓል ገዚፍ ኢድ ኣማኑኤል፡ ካብ ከሳሲ ሕልና ፡ ካብ ፈራዲ ድያብሎስ ፡ ካብ ናይ ሲኦል ቤት ተማጊትካ ዘውጻካኒ ናይ ነፍሰይ ዋሕስ ብሩኽ ኢየሱሰይ ፡ ካብ ሓጥያት ፡ ወልፊ ፡ ሰብ ዝሰርሖ ሃይማኖት ዘድሓንካኒ ናጻ ኣውጻኢ ክርስቶስ የመስግነካ ኣለኹ። ኩሉ ወዲ ተባዕታይ ኢዱ ኣብ ማዓንጥኡ ጌሩ ኣብ ዝዛረበሉ ዘመን ፡ ዓለነስተይቲ ንብዓት ተወዲእዋ ኣብ ትኣየየሉ መዓልቲ፡ ንዓይ ኣበየናይ ደሴት ከም ዝሓባእካኒ ገሪሙኒ ደርቢኻ ዘይትድርቢ ጐይታይ ተመስገን።

ምርኣይ ዝኸልከሉኒ ዓበይቲ ጸልማታት ዝሰዓርካለይ ናይ ለይትታት ንጉስ ፡ ሰብ ንጽቡቅ ምንየቱ ሓንቲ መዓልቲ ይጽበ። ናተይ ሓንቲ መዓልቲ ፡ ዕድለይ ፡ ግደይ ፡ ጽዋአይ ተራይ ግን ንስኻ ኢኻ ተመስገን። ሰራሒ ቤት ኢኻ ተባሂለ ኣለኹ እሞ መሰረቱ'ኸ ኣንቢርካለይ'ዶ ? ሞራለን ማዕጾን'ከ ተሳኺዕልካ'ዶ ? ቤተይ ክትሰርሓ ድማ ይልምነካ ኣለኹ። ኣብ ልዕሊ ነፍሲወከፍ ሰብ ነናይ ግሉ ዕላማ ኣለካ፡ ወላ እኺ እንተዘይተማህረ ፡ ሰሪሑ ተዘይዓገበ፡ መልክዕ ኣልቦ እንተኾነ ንኹሉ ብጥበብ እንዳ መላእካ ተንብሮ ኣለኻ እሞ ይግረመልካ ኣለኹ። ኣነ ጥዑይ ኣይኮንኩን። ሰባት ከማን ጥዑያት ኣይኮኑን ፡ ንስኻ ጥራሕ ኢኻ ጥዑይ እሞ ይዓርፈልካ ኣለኹ።

ብጥምየት ግዜ ዝጸገብኩልካ ዓንጋልየል ይምኻሓልካ ኣለኹ። ንዝፈልጡኒ ካባይ ኣርሒቕኻ ንዘይፈልጡኒ ዘግዛእካለይ ናይ ናብራይ ምስጢረይ ጐይታየ ጽላለይ የመስግነካ ኣለኹ። ነዚ ዕድሚኡ ኣቤል እኳ ተዘሕዝነካ ትርፉ ትዕዝብቲ እዩ ኔሩ !! ኣብርሃም ንዓኻ ኣሚኑ ዘመኑ ከም ስደተኛ ኣብ ድንኳን የሕሊፍዎ እንታይ ተጎዲኡ ? ኣብ ምድረበዳ ተራኺብካዬ ፎርኦን ተተቆጥዐ ሙሴ እንታይ ኮይኑ ? ጓሳ ከሎን ንጉስ ምስ ኮነን ብማዕረ ንእትፈትዎ ዳዊት ክብሩ ገዲፉ ተዘመረልካ ሎሚ መን ይንዕቆ ? ብኹሉ ዝሓገዝካያ ኣዴኻ ማርያም እንታይ ዓይነት ዕድለኛ እያ ? ንዓይ ከኣ ንዘይጠዓሰላ ዓለም ክዘውር ዓቢ ግብጃ ከየምልጠኒ ጐይታየ ዓድለኒ። ናይ ቤት-ልሄም መሕደሪ ከብቲ ንመሕደሪኻ መሪጽካዬ፡ ካብ ዝነበርካዬ ናይ ልበይ ክሽነ፡ ነፍሰይ ሙብልዒ ማል እዩ እሞ ዘይትንዕቅ ፈታውየይ ኣሓዲስካ እተዎ። ንዓና ብዝተቀበልካና ብኢየሱስ ክርስቶስ ስም ከኣልነትን ክብርን ንዓኻ ይግባኣካ ንዘልኣለም ኣሜን።

ፍቅርኻ ካብ ሽቶ ንላዕሊ ዝፍቶ

ናይ ወቅትታት ምፍርራቅ፡ ናይ ወሓይዝ ቁመት፡ ናይ ውቅያኖስ ስፍሓት፡ ናይ ዕንባባታት ድምቀት፡ ናይ ቀላይ ጽባቀ፡ ናይ ጫካ ጸልማት፡ ናይ ኣጻድፍ ሰንሰለት፡ ናይ ጎቦ ብራኸ፡ ናይ የዕዋፍ ጫውጫውታ፡ ናይ ቀለማት ውህደት፡ ናይ ደቂ ሰባት ፍቅሪ፡ ናይ እምነት ዕረፍቲ ዘኽብረካ ናይ ኩሉ ፍጥረት መሰረት ኣምላኽይ የመስግነካ ኣለኹ። ናይ ደመና መኸፈቲ፡ ናይ ጸልማት ሰዓሪ፡ ናይ ጸሓይ ሙቆት፡ ናይ ከዋኽብቲ ብዝሓት፡ ምትእኽኻብ ናይ ደመናን ምትሕውዋስ ናይ ኣየርን ንዓኻ ዘምልኽ፡ ፍቅርኻ ካብ ሽቶ ዝፍቶ፡ ድምጽኻ ካብ ዜማ ዝፍቶ ናይ ገዛይ ማእገር፡ ናይ ናብራይ መሰረት፡ ናይ ጽምኣይ ርውየት ሽምካ እግዚኣብሄር ዝኾነ ንዓኻ ጥራሕ የምልኸካ ኣለኹ።

ብዘይነጻጸል ሓድነትካ ብዘይ ጥቕለል ሰለስትነትካን ይኣምን ኣለኹ ፡ ምፍጣርን ምሕላፍን ከም ትክእል ይኣምን ኣለኹ፡ ብውህበትካን ምውሳድካን ይኣምን፡ ምድሓንካን ምቅታልካን ይኣምን፡ ልዕልን ትሕትን ምባል ምልውዋጥን ከም ትክእል ይኣምን ፡ ፍርዲ ብምድልዳልካ ይኣምን፡ ቃልካ ብምሕላውካ ይኣምን፡ ካብ ናይ ሰብ ግምት ንላዕሊ ከም ትሰርሕ ይኣምን፡ ሓንቲ መዓልቲ ከም ትእክበኒ ይኣምን። ኢደይ ምስ ልበይ ኣልዒለ ንዓኻ ንልዑል የመስግነካ ኣለኹ። ግዜ ነዊሑ፡ ተስፋይ ርሒቑ ንዝብል ወድኻ ዘይወጾ ዓቀበት መጨረሽታ ዘይብሉ ጸልማት ገጢሙኒ ንዝብል ፍጡርካ ጠንካራ ግበረኒ። እግዚኣብሄር ኣበይ ኣሎ እንዳበልኩ ብዝዓወረ ሓሳብ ካብ ምዝራብ ሓልወኒ።

ጐይታየ ኣነ ምሳኻ፡ ንስኻ ምሳይ ከምዘለካ ክሳብ ዝስማዓኒ ኣዕርፈኒ። ፍትወይ ነዚ ተሪር ልበይ የእምኖ ጥራሕ እምበር ምሳኻ ኣብ ዝኾነ ይኹን ክነብር እየ። መንገደይ ኣበርትዕ፡ ንጉዕዞይ ኣፈጽመኒ፡ ንህይወተይ ኣድሕን። ንስኻ ብዓወት እንተቀደምካኒ ኣነ ብምስጋና ክኽተለካ እየ። ብህያው ስምካ ብኢየሱስ ክርስቶስ ኣሜን።

ናይ ሰላም ኣፍደገ

ናይ ሰላም ኣፍደገ፡ ናይ መስኮት ብርሃን፡ መፍሰሲ ጽድቂ፡ ናይ ምሕረት ጎደና፡ ናይ ይቅሬታ ኣየር፡ ናይ ፍቅሪ እንጀራ፡ ናይ ሞጎስ ካባ፡ ናይ በረኸት ውሻጠ ሽምካ እግዚኣብሄር ዝኾነ ብኹሉ ዝተፈራሕኻ ንዓኻ ምስጋናይ የቅርብ ኣለኹ። ንዓይ ንድኹም ዝፈትው ልቢ ስለ ዘለካ የመስግነካ ኣለኹ። ካብ ገነት ክሳብ ቤት-ልሄም፡ ካብ ቤት-ልሄም ክሳብ ቀራንዮ ንዓይ ንምድላይ ዝደኸምካ ናይ ኣባጊዕ ዓቢ ጓሳ ንዓኻ ምስጋና የቅርበልካ ኣለኹ። ካብ ናይ ዓለም ዓዘቅቲ፡ ካብ ናይ ሞት ጉድጓድ ብናይ ፍቅሪ ገመድ ዝሳሓብካኒ፡ ብጺጋኻ ዘድሓንካኒ ሓዳረይ ጐይታየ የመስግነካ ኣለኹ።

ዕንቅፋት በዚሑኒ ናባኻ ንምብጻሕ ዶንግየ ኣለኹ እሞ ዕንቅፋቱ ኣልዕለለይ። ናይ ዘይምእማን ዕንቅፋት፡ ናይ ስጋ ዕንቅፋት፡ ናይ ምክድዳዕ ዕንቅፋት፡ ናይ ናብራ ዕንቅፋት፡ ዘይቁጸሩ ዕንቅፋት ኣቁሲሎሙኒ ኣለዉ እሞ ሕያዋይ ሳምራዊ ኢየሱስ ክርስቶስ ካብ ዘይትኻ ኣፍስሰለይ። ኣብ ጉድጓድ ተመን ኮይነ ዝጻወት፡ ማዕጾይ ከይዓጸኩ ብሰራቂ ዘማርር፡ ከይወሰንኩ ኣድሕነኒ ዝብለካ ዝገብሮ ኣይፈልጥን እየ እሞ ይቕረ በለለይ። ከንኣን ንኽኣቱ ናይ ወርሒ መንገዲ ኣርብዓ ዓመት ከይወስደለይ ነዚ ውሑድ እምነተይ ርድኣዬ።

መዝሙር ጠፊኡኒ፡ ምርዋይ ኣቢኒ። ዝተመነከዎም ምስ ጨበጥክዎም ብቅጽበት ኣሪጎሙኒ። ገነት እንኳ ተዘይ ረኺብኩ ወድኻ ስለ ዝሃብካኒ ንዓይ ንድኹም ዓለም ዘኽሰረቶ ፍጡርካ ካብ ወድኻ ንላዕሊ ኣይደልን። ናይ መዓልቲ ሙቀት ከየቃጽለኒ ደበናኻ ዘርግሓለይ ፡ ኣመጻጽኣ ናይ ለይቲ ከየፍርሓኒ ዓውደ ብርሃንካ ጌርካ ኣብርሃለይ። ኣነ ኣብናይ ኣዳም ቦታ እንተዝከውን ኣዳም እየ እሞ ንኣዳም ከይወቅስ ርድኣኒ፡ ካብ ኩሉ ሽም ንላዕሊ ብዝኮነ ኢየሱስ ብዝተባህለ ሽምካ ንዘልኣለም ኣሜን !

ምዕራፍ ኣርባዕተ

ኣብ ጽዮን ጎቦ ዘለካ

ኣብ ጽዬን ጎቦ፡ ብሰምያዊ ኣደባባይ፡ ኣብ ጻዕዳ ዝፋን ዘለኻ ኣብ ኩሉ ዓለም ንይግበኣኒ እዩ ክትብላ ብቑዕ፡ ጻድቅ ፈራዲ ዝኾንካ ኢየሱስ ክርስቶስ ንዓኻ ምስጋና ይግባኣካ። ንዓኻ ምስ ዝጽውዕ ጸላእተይ ደስ እኳ ተዘይበሎም፡ ፈተውቲ ዘስእነኒ እኳ ተኾነ ንስኻ መን ሙኧንካ ፈሊጠ ኣለኹ እሞ ክገድፈካ ኣይክእልን። ኣማኸርቲ ንዕኡ ግደፎ ኣይጠቅመካን እዩ እኳ እንተበሉኒ ከም ዝተጥቀመልካ ፈሊጠ ኣለኹ እሞ ጐይታየ ጉልበተይ ብናይ ኪዳን ፍቅርና የመስግነካ ኣለኹ። ንሳቶም ዓያሹ ከለው እኳ ከምኡ ተበሉ ንዓኻ ንዝመረጸ ሃላይ ብምባሎም የሕዝኑ። ካብ ብልሒ ዝበለጸ ብልሒ ንዓኻ ምፍላጥ እዩ እሞ ብደስታ የመስግነካ ኣለኹ።

ካብ ህይወት ዝህብ ማይካ ንምድረበዳ ዝኾነ ልበይ ዘጥለልካዬ ፈታውየይ ኢደይ ምስ ልበይ ብምልዓል የመስግነካ ኣለኹ። ንስኻ ከማይ ኣይኮንካን እሞ የኽብረካ ኣለኹ። ስጋ ናብ ሓመዱ ፡ ዓለም ናብ ዓለማዊ ትምኒት፡ ሰይጣን ናብ ከንቱ ዝኾነ እምነት ይስሕቡኒ። ኣነ ግን ንነፍሰይ ባዕለይ ፈሪመ ይህበካ ኣለኹ ንዘልኣለም ናትካ ግበረኒ። ዋጋ ዘይኸፈሉልካን ጌና ዘይተገዝኡልካን ናይ ሰብነተይ ኣካላት ጌና ኣለዉ እሞ ጠቅሊልካ ግዝኣኒ። ጳውሎስ ናይ ኩልንትናይ ንጉሰይ ዝበለካ ንጉሰይ ንስኻ ኢካ እሞ ፡ ንስኻ እንተዘይ ገዚእካኒ ዘይጠቅሙ ነገራት ክገዝኡኒ እዮም እሞ ጅግና ጐይታይ ቀልጢፍካ ግዝኣኒ።

መንፈሰይ ኣብ ልዕሊ ስጋይ፡ ነፍሰይ ኣብ ልዕሊ ምንዬተይ ንክገዝእ በጃኻ ቅዱስ ቅብኣትካ ልኣኸለይ። ኣብ ዓለም ተንከራቲተ ናባኻ መጺአ ኣለኹ እሞ ብብሩህ ገጽ ተቀበለኒ። ብሓደ ክፉእ ንኹሉ ክፉእ እዩ ክይብል ርድኣኒ። ንሕማቅ ዝወስደኒ እምበር ዝፈትወኒ ኣይፈልጥን እየ እሞ በጃካ የዒንተይ ኣብርሃለይ። ብዝተመካሕኩልካ ህያው ስምካ ኣሜን !!!

ቅዱስ እግዚኣብሄር

ቅዱስ እግዚኣብሄር፡ ቅዱስ ሓያል ፡ ቅዱስ ህያው ዘይመውት ዘይትልወጥ ካብ ቅድስት ድንግል ማርያም ዝተወለድካ ጐይታ የመስግነካ ኣለኹ። ግሩም እግዚኣብሄር፡ ትሑት ሓያል፡ ድንቂ ህያው ብዘመን ዘይትድረት ጐይታ የመስግነካ ኣለኹ። ብሩኽ እግዚኣብሄር፡ ፈቃር ሓያል፡ ምስጉን ህያው ምስሉይነት (ግብዝና) ዘይብልካ ጐይታ የመስግነካ ኣለኹ። ሰብ ማዕጽኡ ክዓጽወለይ ንስኻ ግና ልብኻ ዝኸፈትካለይ ፡ ፈታውየይ ንዒቁ ዝገደፈኒ ንስኻ ብናጻ ኣፍቀርካኒ፡ ቤተ ሰበይ ገደብ ክህቡኒ ንስኻ ግን ከም ህጻን ዝተቀበልካኒ ጐይታ ርእሰይ ኣድኒነ ዝግባኣካን ናትካ ዝኾነ ምስጋና እስዋኣልካ ኣለኹ።

ጐይታየ ንዓይ ክትብል ጥሉል ዕንጨይቲ ተሰኪምካ ምንክርታትካ እዝክሮ ኣለኹ። ፍርዲ ምስ ዘይፈልጥ ኣብ ቅድሚ ጲላጦስ ሙቛምካ እዝክሮ ኣለኹ። ምእንታይ ኣብ ጌተ ሰማኔ ዝረሃጽካዬ ናይ ደም ረሃጽ ኣብ ሕልናይ ብዓይነይ ይርእዬ ኣለኹ። ዝተወለድክሉ ናይ መስቀል ጻዕሪ ይዝምረሉ ኣለኹ። ዝደሓንኩሉ ፍቕሪ ይቕድሶ ኣለኹ።

ንጉሰይ ንስኻ ጥራሕ ኢኻ ቅኑዕ። ናይ ፈታዊ ማዕጾ ኣብ ዝዕጸወሉ ኣብ ሕማቅ ግዜ መጸግዕየይ ኢኻ። ንዓኻ ኣሚኑ ዝሓፈረ፡ ንዓኻ ተማህጺኑ ንጸላእቱ ኣሕሊፍካ ዝሃብካዬ ማንም የለን። ንዓኻን ንሰባትን ዘቑሰልኩ ተኾንኩ እኳ ንስኻ ግን ተቀቢልካኒ። ጐይታየ ምሳኻ ብንስሓ ዝወዳእኩዎ ሓጥያተይ ሰባት ከየውርይዎ ርድኣዬም። ንዝበደልኩዎም ኩሎም በደለይ ንክርስዕዎ ሓግዞም። ልበይ ብቂምታ ሻሕኺራ ኣላ እሞ ብወርቃዊ ቅብኣትካ ኣለስልሰለይ። ካበይ ከምዝመጻኩ ፡ ንምንታይ ከምዝነብር ፡ ናበይ ከምዝኸይድ መልሱ ንስኻ ኢካ እሞ የመስግነካ ኣለኹ።

ብሰፊሕ ኢድ ፡ ብብሩህ ገጽ ዝተቀበልካኒ ጐይታየ ካብ ዝደሓንክሉ ንደሓር ጸላእተይ ብናይ ሓጥያት መስማር ወጊኦሙኒ እዬም እሞ ከም እንደገና ሓክመኒ። ኣነ ከማን ተሓጺበ ናብ ጭቃ ምኺነይ ፈሊጠ

ኣለኹ። ነፍሰይ፡ ፈተናይን ቃልሰይን ብሓይለይ ከም ዘየወግዶ ኣሚነ ኢደይ ንዓኻ ይህብ ኣለኹ። ጸላእየይ ንህይወተይ ንሞት ይምነየ፡ ሓሳበይ ረኺሉ፡ ዘይረብሕ ዝባኸነ ሰብ ኮይነ ኣለኹ፡ ነፍሰይ ንነፍሰይ ሚዛን ኣይህባን፡ ኣብ ቅድሚ ሕልናይ ዕርቃነይ ወጽየ ኣለኹ እሞ በጃኻ ዝተማረኸትልካ ነፍሰይ ንኣራዊት ኣይትሃባ።

በሊዐ ከም ከብቲ ከየስቅጥ ምስ ተወድአ ከመስግነካ ርድኣኒ። ንእሽተይ ምዕራፍ ንዓቢ ምስናፍ እዩ እሞ ካባይ ውሰደለይ። ኽሳብ ዝካኣለኒ ኸፍቅረካ እጽዕር ኣለኹ፡ ፍቅርካ ሃበኒ ኣሜን !!

ዎ እግዚኣብሄር ጐይታ

ዎ እግዚኣብሄር ቅልጽምካ ኣይኩርኩሕን፡ ቤትካ ንኹሉ የጽልል፡ ኹሉ ግዜ ምቹእ ኮንካ ትነብር ኣለኻ እሞ የመስግነካ ኣለኹ። ጠባየይ ዘይኮንካ ኣጽዲቅካ ጠባየይ ለዊጥካ ናትካ ሰብ ጌርካኒ ኢኻ እሞ ናይ ቃል ኪዳን ዘመደይ ወዲ እግዚእብሄር የመስግነካ ኣለኹ። ምሳኻ ጎቦ ሜዳ፡ ስንጭሮ ጥጡሕ እዩ እሞ የኽብረካ ኣለኹ። ኣብ ዘመን ህይወተይ ሽግር በዚሑኒ ናብራ ተመረረኒ ንስኻ ግን ናይ ህይወተይ ጨው ኮንካ ፈዊስካኒ ኢኻ እሞ የድንቀካ ኣለኹ። ወላሓደ ዘይክእለኒ ስለ ዝኻኣልኻኒ የመስግነካ ኣለኹ።

ማዕጾ ፈታዊ ኩሉ ይዕጾ፡ ንስኻ ግን ንፍጥረትካ ማዕጾኻ ኣይትዓጹን። ኩሉ ዘመድ ገጹ የጸልምት፡ ንስኻ ንደቅኻ ገጽካ ኣይተጸልምትን። ኩሉ ብጻይ ኣሽኳይ ክቆሙ ይሕብኡ፡ ንስኻ ግን ተኣሚንካ ኣይትኽሕድን ኢኻ። ድኽነት ምስ ሓለፈ ሓዳር ይዝንብል፡ ንስኻ ግን ዘይትዝንብል ኢኻ። ውላድ ፈታዊ ምስ ዝረክብ ይርስዕ፡ ንስኻ ግን በቃ ኢልካ ንማንም ኣይትገድፎን ኢኻ። ካልእ ብዓል ዝና ምስ ዝመጽእ ዝና ይሓልፍ፡ ንስኻ ግና ኣኽቢርካ ኣይተዋርድን። ዝዓበየ ፍልጠት ምስ ዝመጽእ

እቲ ዝነበረ ፍልጠት ይንእስ፡ ንስኻ ግና ናይ ኩሉ ፍልጠት ሚዛን ኢኻ። ጐይታየ ክልተ ጽቡቅ ነገር ምምራጽ ኣቢኒ፡ ንዓኻ ግን መሪጸካ ኣለኹ።

ወዲ ንጉስ ኣብ ከምዚ ዝበለ ሕሱር ስፍራ ከመይ ጌሩ ይነብር ? እኳ እንተ በሉኒ ኣነ ግን ኣብ ሰማይ ቤት ኣለኒ እሞ የመስግነካ ኣለኹ። ደርሆ ጨቓቒታ ከም ትኣኻኽብ ከምኡ ድማ ንስኻ ብጽላሎት ኣኽናፍካ ኣኪብካኒ ናይ ምንክርታት ናብራይ'ውን ኣብቂዑ እዩ ሓዳረይ ጐይታይ የመስግነካ ኣለኹ።

ካብ ዓመታዊ በዓል ንላዕሊ ዝተሓጎስኩልካ ዓመታዊ በዓለይ ፈታውየይ ብሰናይ ቃልካ ንልበይ ጽቡቅ ሕርሻ ግበረለይ። ዓለም ዝዘራኣትለይ ናይ ዓሌትነት፡ ስስዐ ትዕቢት ጻህያይ እለየለይ። ንግሆ ንግሆ ከም ሓድሽ ተገለጸለይ። ናይ ሸይጣን ስዉር መደብ ብናይ መንፈስ መነጽር ኣርኤኒ። ካብ ጸሓይ ቀትሪ፡ ካብ ጸልማት ለይቲ ኣድሕነኒ። ብኹሉ ዕድመይ፡ ኣብ ሓያል ናይ ፈተና ሰዓት ንኽይኽሕደካ ኣብ ሑቅፎኻ ሕብኣኒ። ዝሓሰብክዎ ዘይኮነ ዘይሓሰብክዎ እንዳኾነ እዩ እሞ ፍቃድካ ምሃረኒ። ብዝተዋሃበኒ ስምካ ንዘልኣለም ኣሜን።

ናይ ደስታይ ምንጪ

ናይ ደስታይ ምንጪ፡ ናይ መዓልቲ ብርሃነይ፡ ናይ ሕማመይ ፈውሲ፡ ናይ ምሸት እንጀራይ፡ ቅኑዕ ጎደናይ፡ ናይ ዘልኣለም ቤተይ እግዚኣብሄር የመስግነካ ኣለኹ። ብዘይ ምኽንያት ብናይ ገዛእ ርእስኻ ፍትወት ዝፈጠርካኒ፡ ብናይ ገዛእ ርእስኻ ፍቅሪ ጥራሕ ዝሞትካለይ ሓቀኛ ኣፍቃርየይ የመስግነካ ኣለኹ። ክሳብ ሕጂ ኣሹንካይ'ዶ ዝሞተለይ ፍቅረይ ዝርዳኣለይ ፈታዊ ከማን ኣይረኸብኩን። ንስኻ ግን ንዓይ መስዋቲ ኮንካለይ ኢኻ እሞ የኽብረካ ኣለኹ። ውዕለታካ ካብ ውዕለት ንላዕሊ ፡ ፍቅርካ ካብ ፍቅሪ ይበልጸኒ። ኣብ ዝሓለፈ ዘመነይ ብዙሕ ዓቀበትን ቁልቁለትን ምሳይ

ኮንካ የሕሊፍካ። ምስ ዝእሰር ዋሕሰይ ፡ ምስ ዝጥቃዕ ዳኛይ ኮንካ ርኤካ ኣለኹ። ፍርዲ ንዘይትፈልጥ ዓለም ፈራዲ ኮንካለይ ኢኻ እሞ የመስግነካ ኣለኹ።

ነፍሰይ ኣይፈጠርክዋን ፡ ነፍሰይ'ውን ምድሓና ስለ ዘይካኣለኒ ንስኻ ሞትካለይ። ንነፍሰይ ከንብራ ስለ ዘይካኣለኒ ንስካ የዕርፍ ኢልካኒ። ኣነ ግን ንነፍሰይ እንበር ንዓኻ ክሰምዓካ ስለ ዘይካኣልኩ ከም እንስሳ ጠባየይ እንዳለዋወጥኩ ይነብር ኣለኹ። ንግሆ ብኣኻ በርቲዐ ቀትሪ ይጭነቅ ኣለኹ። ኣብ ውሽጢ ሓንቲ መዓልቲ ብዙሕ ሰብ ኮይነ ይውዕል ኣለኹ። በጃካ ብእምነት የዕርፈኒ። እዚ ስጋይ ወላሓንቲ ከም ዘይጠቅመኒ ፈሊጠ ኣለኹ። ዙርያይ ናይ እሾኽ ሓጹር ኮይኑኒ እዩ እሞ በጃኻ ካብ ገዛእ ነፍሰይ ኣድሕነኒ። ብምጭናቀይ ወላሓንቲ ከምዘይረኸብኩ ይፈልጥ ኣለኹ፡ ፍልጠተይ ኣየዕረፈንን እሞ ብእምነት የዕርፈኒ። በጃኻ ንኽኣምነካ ርድኣኒ።

ጥበብ ፈተውቲ የብዝሕ እዩ እሞ ፍልጠትካ ሃበኒ። ፍትወትካ ዘይሳዓሮ ፈላጥ ኣይብሃልን እዩ እሞ ኣብ ልዕሊ ምንዩተይ ኣሰልጥነኒ። ኣሚንካ ምኽሓድ ናይ ዑረት ዑረት እዩ እሞ ካብዚ ኣድሕነኒ። ምሁር ጸይቂ ኽሽውን ከሎ ካብ ዘይተማህረ ይኸፍእ እሞ ካብ እንዳ ፈለጠ ዝጽይቅ ሙኺን ኣድሕነኒ። ለምለም ኮይኑ ፍረ ዘይብሉ ገረብ ካብ ሙኺን ሰውረኒ። ጐይታየ ንዝፈጠርካኒ ንዓኻ ዝተወፈኹ ኮይነ ንከገልግለካ ግበረኒ። ንስኻ ትጸልኦ ደኣ ይግበር እምበር ኣይትስጎገኒ፡ ዝልምነካ ኣይትኽልኣኒ፡ ክልምነካን ከማልደካን ከለኹ ኣይትርሓቐኒ።

ናይ ሰማይን ምድርን ንጉስ እግዚኣብሄር ንኽዓግብ እዚ ሃበኒ ኢለ ከም ህጻን ቆልዓ ብዝሓዞ ኣየልቅስን። ንስኻ ብመንነትካ የዕርፈኒ። ካብ ናይ ዘመን ማዕበል ብሕቖፎኻ ሰውረኒ። ናይ ትንቢት መፈጸሚ ካብ ሙኺን ኣድሕነኒ። ብወድኻ ብፈታዊካ ብኢየሱስ ክርስቶስ ሽም ኣሜን!!!!!

ዓቢ ሰብ መድሃኔ ኣለም

ዓቢ ሰብ መድሃኔ ኣለም የመስግነካ ኣለኹ። ካባኻ ወጻኢ ዓቢ የለን ፡ ንስኻ ዘየዕበካዩ ባዕሉ ነፍሱ ዝሾመ እንበር ሓቀኛ ዓቢ ኣይኮነን። ናተይ ዕብየት ግን ንስኻ ኢኻ እሞ የመስግነካ ኣለኹ። ንኹሉ ዓለም ናይ ፍርዲ ቆጸራ ዝሃብካ ናይ መወዳእታ ዳኛ ጐይታየ ኢየሱስ ክርስቶስ የመስግነካ ኣለኹ። ብኣኻ ተስፋ ምግባር ገዲፉ ብተስፋ ንዝጽበ ዘሎ ሰብ ሓዚነሉ። ነፍሱ ኽድሕን ዘይክእል ብፈራሒ በዓል ስልጣን ዝተኣማመን ኣልቂሰሉ። ዝተዓጽወ ማዕጾ ፈሊጡ ዝኸፍት፡ መዕበዪ ውሉድ ድኻ፡ ስድራኡ ዝመትዎ ውሉድ ኣካቢ፡ ናይ መኻን ጸዋሪ፡ ኣብ ግዜ መከራ ብቕልጡፍ እትመጽእ ዝተሰቀልካ ጐይታየ የመስግነካ ኣለኹ።

እዛ ዓለም ዋና ኣለዋ። ዋንኣ ድማ ናተይ ፈታውየይ ንስኻ እግዚኣብሄር ኢኻ እሞ የመስግነካ ኣለኹ። ንነፍስና እንልምኖ ናይ መጨረሽታ ከቢድ ኣብ ቅድሜኻ ንእሽተይ እዩ። ካብ ዝለመናካ ንላዕሊ ትርፊ ጌርካ ትባርኸና ጐይታ ስምካ ይባረኽ። ናይ መንግስተ ሰማያት ጽባቀ፡ ርህራሄ ናይ ብሩኽ ንጉሰይ ኢየሱስ ክርስቶስ ምስ ሓሰብኩ ንዓለም ንዓቕኩ። ዘቀመጥካዩ ዘይትርስዕ ናተይ ጐይታ መጺካ ውሰደኒ። ንስኻ እንተዘይ መጺካ መከራ ደው ክብል፡ ምትላላ መወዳታ የብሉን እሞ ምስ የውሃንስ ብዓል ራኢ ኮይነ **"ኣሜን ጐይታ ኢየሱስ ንዓ"** እብለካ ኣለኹ። ኣሹንኳይ'ዶ ኣነ መጽሓፍ እኳ ናፊቁ "ንዓ" ኢሉ መዕጸዊ ዝገበሮ። ዋና ከም ዘይብላ ቤት ዓለም ስርዓት ስኢና ኣላ እሞ ናይ ተስፋ ንጉሰይ በጃኻ ንዓ። ናይ ግሽነት ናብራይ ገጽ ሰብ ዘርኢ መጠነኛ ነገር ግን ዝተረፈ ሰላም ክትህበኒ ይልምነካ ኣለኹ።

ኣብ ማእከል ጽቡቕ ሓሳብ ጸላኢ ክርዳድ ይዘርእ ኣሎ እሞ ጽቡቕ ሓሳባትናን ራኢናን ኩሉ ንስኻ ሓሉ። ንዓኻ ዓሻ ንጸላእተይ በሊሕ ግበረኒ። ንዓይ ዝተንከፈ ብሌን ዓይንኻ ከም ዝተንከፈ እዩ እሞ ብኣኻ ይኾርዕ

ኣለኹ። ጐይታየ ናይ ደገ ጸላእተይ ክከላኸል ናይ ውሽጠይ ሓጥያት በሊዑ ከይውዳኣኒ ብደወልካ ኣንቅሓኒ። ወላ ተነቃሕኹ ሓይሊ የብለይን እሞ ንስኻ ርድኣኒ። ኣነ ኣነ እየ ኢለ ክዛረብ ኣይካልኩን። ሓሳበይ ካልእ ዝነብሮ ካልእ እዩ። ካብዚ መዋቲ ስጋይ ንስኻ ኣድሕነኒ። ኣነ ተሰሪሐ ዝውዳእ ፍጡር ኣይኮንኩን። ናይ ዓለም ኩሉ ሃናጺ ጐይታይ ምዓስ ኢኻ ሰሪሕካ ትውዳኣኒ ? ንሓጥያት'ሲ ንኽብርኻ ጥራሕ ኢልካ ዘይኮነስ ንሕልናይ ሰላምን ንስጋይ ድማ ጥዕና ክትብል ካባይ ኣርሕቀለይ። ካብ ዘጣዕስ ሕልና ኣድሕነኒ። ብዝጋረደኒ ስምካ ንዘልኣለም ኣሜን !!

ምዕራፍ ሓሙሽተ

ናይ ቅዱሳን ቅዱስ

ናይ ቅዱሳን ቅዱስ ፡ ናይ ብሩኻት ብሩኽ፡ ናይ ፍሉያት ፍሉይ፡ ናይ ፈተውቲ ፈታዊ፡ ተወዳዳርን ተካእን፡ ማዕሬካን ተቀራራብን ዘይብልካ እግዚኣብሄር ዝኾንካ ንጉሰይ የመስግነካ ኣለኹ። ዝመጻክዎ መንገዲ፡ ዝሓለፍክዎ ነገር ክሓስቦ እቲ ናይ እሾኽ መሰናኽል፡ እቲ ናይ ጸልማት ሓርጎጽጎጽ ኣይርሳዕን። ካብዚ ኹሉ ዝረድኣኻኒ ንስኻ በይንኻ ኢኻ እሞ የመስግነካ ኣለኹ። ተፈቲነ ዘይሓልፍ፡ ብመከራ ዘየኽብረካ ወድኻ ብርቱዕ ኣይኮንኩን። ጳውሎስ ከም ዝመሃረኒ ብምሕረትካ ዘክረኒ።

ናይ ነገስታት ንጉስ፡ ንዕቤትካ መፈጸምታ ዘይብሉ፡ መንግስትኻ ዘይድምደም፡ ናይ ፍቅሪ ምንጪ፡ ናይ እምነት ባሕሪ፡ ናይ ተስፋ ዝናብ መንፈስ ቅዱስ የኽብረካ ኣለኹ። ካብ ናይ ጺጋኻ ግምጃ ቤት ዘቅውም ለኣኽለይ። ካብ ዝመልአ መዝገብካ ናይ ደስታ ጥሜተይ ኣጽግበለይ። ዓይነይ ካብ ልዕሊ ሰብ ኣልዕለለይ። ስለዛ ዓለም ፡ ስለ ፈታዊ ፡ ስለ ጸላኢ ምስልሳል ከብቅዕ ሓግዘኒ። እዛ ዓለም በረኻ እያ እሞ ናይ ፍቅርኻ ጽላል ዘርግሓለይ። ንስኻ ዝረገጽካዬ መንገዲ ብትኽኽል ንኽረግጽ፡ ኣብ ልዕሊ ጽሕፈትካ ደሪበ ክጽሕፍ፡ ንስኻ ዝተዛረብካዬ ደጊመ ንክዛረብ ሓግዘኒ። ካባይ ብኣይ ንዓይ ዝኾኑ መነባብሮ ይኣኽለኒ። ኩሉ ካባኻ ፡ ብኣኻን ንዓኻን ይኹነለይ።

ፍትወይ ኣብ ምስትውዓለይ ምድጋፍ ይትረፈኒ፡ ብመንፈስካ እምበር ብሓይለይ ከይብርትዕ ሓግዘኒ፡ ከይሰማዕኩ ምዝራብ ኣርሕቀለይ፡ ንስኻ ኣብዘየለኻሉ ውግእ ምስታፍ ውሰደለይ፡ ንጌጋ ብጌጋ ካብ ምዕራይ ሓልወኒ፡ ንኸየሕፍረካ ንሓጎስን ሓዘንን ኣኽኣሎ ሃበኒ። ብወድኻ ብፈታዊኻ ብኢየሱስ ክርስቶስ ክእለትን ክብሪ ንዓኻ ይግባኣካ። ንዘልኣለም ኣሜን !!

ናይ ስደተኛ ሃገር

ናይ ስደተኛ ሃገር፡ ንሓዘንተኛ ደስታ፡ ንጭኩናት ዓወት፡ ንበዓል ራኢ ኣሳልጦ፡ ንምንባር ትርጉም፡ ናይ ሃብቲ ሚዛን፡ ንቤት ዋልታኣ ርህሩህ ጐይታ መድሓኒ ዓለም የመስግነካ ኣለኹ። ካብ ዓሚ ሎሚ ዓመት፡ ካብ ትማሊ ሎሚ፡ ካብ ዓንተወይ ሕጂ ድንቂ ኢኻ እሞ የኽብረካ ኣለኹ። ስለ ሓንቲ ዝገበርካለይ ኣመስጊነ ከይወዳኩ ካልእ ውዕለትካ ትውስኸኒ። ስለ ሓንቲ ባህሪኻ ቅዱስ ኢለ ሰጊደ ክትስእ ካልእ ባህሪኻ የደንቀኒ። ከይለመድኩኻን ከይደረትኩኺን ንዘልኣለም ይዕንገል ኣለኹ እሞ ቅዱስ ጐይታየ ተመስገን። ብኹሉ ዘመናት ከይተለወጥካ፡ ቀዋሚ ኣድራሻ ዘለካ፡ ኣብ መንግስትኻ ስዕረት፡ ኣብ ባህርይካ ሞት፡ ኣብ ጠባይካ ምስሉይነት ዘይብልካ ንዓኻ ንእግዚኣብሄር ምስጋና የቅርብ ኣለኹ። ሎሚ ኣብ ቅድሜኻ ቀሪበ ኣለኹ እሞ ንሞንኮበይ ካባ፡ ንየእዳወይ ሕቃፍ ዕንባባ፡ ንልበይ ራእይ ሒዘ ክምለስ።

ንናትካ ውዕለት ዝገልጹ ቃላት ጌና ኣይተፈጠሩን ፡ ናይ ሰብን ናይ መላእክትን ልሳናት እንኳን ኣይገልጽዎን፡ ብሰከንድ ሚልዩን ምዕራፋት ዝጓዓዝ ሕልና እኳ ኣይበጽሓካን፡ ናይ ክብርኻን ፍቅርኻን እሳት ተዝንገር ተዝጥቀስ ምቕቱ ይውስኽ እምበር ኣይጎድልን። ዝኣመንክዎም ክኽሕዱኒ ዘይኣመንኩኻ ንስካ ግን ኣብ ጎነይ ከለኻ፡ ዝጎየኽሎም ክርሱዑኒ ዘየገልገልኩኻ ንስካ ከም ዝኸሓስካኒ ክሓስብ ከለኹ ኢደይ ኣብ ኣፈይ ሒዘ ብስቅታ የምልኽካ ኣለኹ። ብሓጥያተይ ሞት፡ ብበደለይ ጥፍኣት ይግባኣኒ። ኣነ ገዛእ ነብሰይ ዝጸላእኩዋ ንስኻ ግን ንሰብነተይ ብዘይ ወላሓንትስ ብኸመይ ፈቲኻያ ? ክብረይ ንስኻ ኢኻ እሞ ስምካ ይባረኽ። ሽም ዘይብለይ ሽም ሂብካ ክርስትያን ኢልካኒ፡ ታሪክ ዘይብለይ ታሪክኻ ጺሒፍካለይ፡ ብቅዓት ዘይብለይ ብቅዓት ኮንካኒ። ንዘቑስለካ ብምስጓግ ዘይኮነ ብምቅባል ስዒርካኒ። መሳርሒኻ ዓለም ፈቲናቶ ዘይትፈልጥ ምሕረትካ እዩ እሞ ንዘልኣለም ተመስገን።

ንሰባት ብዝወቀስኩዎም ጌጋ ኣነ ኣብኡ ከይርከብ፡ ብዝተዛረብክዎ ከይፍተን ጸጋኻ ኣብዝሓለይ። በዚ ዝሞተ ዘመን ፡ ዶርሆ ክንቁ ደቃይቅ ዝተረፎ ብዝወግሐ ለይቲ ንኽይክሕደካ ጐይታየ ርድኣኒ። ኣምላኸይ ብፍቅሪ ገንዘብ ዓቢድና፡ ናይ ሓዳርን ምሕዝነትን ዋጋ ኣርኪስና፡ ብጻይና ብጠጠው በሊዕናዮ፡ ፈተውትና በስናና ኣልሚጽናዮም፡ ዘቅንእ ፍቅርና ብመከራ ዘይኮነስ ብበረኸት ተፈቲኑ ኢዩ እሞ በጃኻ ዘመንና ኣሐድሶ። ጐይታየ ንሰርሖ ኣይንፈልጥን ኢና እሞ ንሰርሖ ኣፍልጠና። ሓሶት ዕረ ይኹነና። ዝጀመርናዩ ክፍኣት ከይንውድኦ ኣብ ማእከሉ ጣልቃ እቶ። በዚ ብጸልማት ዓለም ብዘደንቅ ዘብርህ ስምካ ብኢየሱስ ክርስቶስ ንዘልኣለም ኣሜን።

ካብ ኣእላፋት ንላዕሊ ዝተመረጽካ

ካብ ኣእላፋት ንላዕሊ ዝተመረጽካ፡ ካብ ኣማልክቲ ዝተፈለኻ ፡ ሓይልን ፍቅርን ብሓንሳብ ዘለካ ጐይተየ ኢየሱስ ክርስቶስ የመስግነካ ኣለኹ። ምስ ለማኒ ተቀባሊ፡ ምስ ለገስቲ ለጋሲ፡ ምስ እሱራት እሱር፡ ምስ ዳኛ ፈራዲ፡ ምስ ህዝቢ ኣልቃሲ፡ ምስ ንጉስ ዝሓዝን ፡ ናይ መርዓዊ ግርማ ፡ ምስ ወላዲ ሓዳር ዘውጽእ፡ ንቤተ ክርስትያን ኣካላ ፡ ምስ ኣቦ ፈጻሚ፡ ኣብ ኩሉ ምስ ኩሉ ዝኾንካ ጐይታ ኢየሱስ ክርስቶስ ንዘልኣለም የመስግነካ ኣለኹ። ዕረፍቲ ብምብራቅ ወይ ብምዕራብ ኣይኮነን፡ ዕረፍቲ ብኣኻ ኢዩ እሞ ተመስገን። ካብ ዝሰማዕክዎ እትበልጽ ካብ ሰለሙን ንላዕሊ ናይ ህይወት ጥበብ ዝኾንካ ጥበብካ እንዳሰማዕኩ ንክነብር በጃኻ ዓድለኒ።

ቀትርን ለይትን ከም ዝፈራረቅ ሓጥያትን ጽድቅን ከፈራርቅ ዝውዕል ወድኻ ብናትካ ስራሕ ምሓረኒ። ሓቂ ዘይእዝዞ ሕልና፡ ጽድቂ ዘይእዝዞ ልሳን ኣለኒ እሞ ሰማያዊ ኣቦይን ኣምላኸይን መሓረኒ። ሓጥያትና ዶብ፡ መከራና መዕረፊ የብሉን እሞ ንዓይ ካብ ሓጥያተኛታት ቀዳማይ ዝኾንኹ መሓረኒ። ናይ ዓለም መድሓኒት ወልድ ኣምላክ መሓረኒ። ናይ ህያው ኣምላኽ ዉሉድ

ኢየሱስ ክርስቶስ ይቅረ በለለይ። ናይ ኣብ ጸዳል ኢየሱስ ክርስቶስ ተቀበለኒ። ናይ ክብሪ ንጉስ ኢየሱስ ክርስቶስ ምሓረኒ። ዘይትዓርብ ጽሓይ ኢየሱስ ክርስቶስ ይቅረ በለኒ። ወዲ ድንግል ማርያም ኢየሱስ ክርስቶስ ምሓረኒ። እትፍቶ ኢየሱስ ክርስቶስ ተቀበለኒ። ናይ እትመጽእ ዓለም ንጉስ ኢየሱስ ክርስቶስ ይቅረ በለኒ። ናይ ድኻታት ኣቦ ኢየሱስ ክርስቶስ ተቀበለኒ። ናይ መላእኽቲ ደስታ ኢየሱስ ክርስቶስ ምሓረኒ። ናይ ዘይውዳእ ምሕረት ኢየሱስ ክርስቶስ መሓረኒ።

ካብ ኩሉ ቁጥዓ ኢየሱሰይ ኣድሕነኒ። ካብ ናይ ዝሙት መንፈስ ኣማኑኤለይ ኣድሕነኒ። ካብ ናይ ዘልኣለም ሞት ናይ ሰማእታት ዓይኒ ኢየሱሰይ ኣድሕነኒ። ምኽሪ ካብ ምንዓቅ ናይ ደናግል ንጽህና ዝኾንኳ ኢየሱሰይ ኣድሕነኒ። ስለ ሰብ ዝኾንካዮ ኢልካ ኢየሱሰይ ኣድሕነኒ። ስለ ህጻን ዝኾንካዮ ኢልካ ኢየሱሰይ ኣድሕነኒ። ስለ ጻዕሪ ሞትካ ስለ ሕማምካ ኢየሱሰይ ኣድሕነኒ። ስለ መስቀልካን ስለ ሞትካን ኢየሱሰይ ኣድሕነኒ። ስለ ትንሳኤኻ ፡ ስለ ዕርገትካ ስለ ደስታኻ ኢየሱሰይ ኣድሕነኒ። ናይ ጻድቃን ብርሃን ብዝኾነ ስምካ ንዘልኣለም ኣሜን።

ዝፋንካ ዘይናወጽ

ምድሪ ክትናወጽ ናትካ ዝፋን ዘይናወጽ፡ ኣካዉሕ ክጭደዱ ናትካ ዝፋን ዘይንቅነቅ፡ የዕኑድ ክወድቁ ናትካ ክብሪ ግን ጸኒዑ ዝነብር፡ ጎቦታት ክወድቁ ናትካ ብራኼ ዘይስወር፡ ዘዕርፉ ኣእዋም ክረግፉ ናትካ እፎይታ ዘይልወጥ ትማልን ሎምን ንዘልኣለም ጐይታ ዝኾንካ እግዚኣብሄር የመስግነካ ኣለኹ። ዘለምለምካያ መኻን፡ ዝመላእካላ ድኻ፡ ዝበጻሕካያ ምስኪን ጥማራት ምስጋና ሒዛ ኣላ። ዘጽገብካዬ ጎበዝ፡ ዘጺጋዕካዬ ስደተኛ ፡ ብባዕዲ ሃገር ሞጎስ ዝኾንካዬ ስደተኛ፡ ካብ ብስጭት ዘድሓንካዬ ምሁር፡ ነፍሱ ካብ ምብኻን ዝመለስካሉ ከኽብረካ ኢዱ ኣልዒሉ ንምስጋና መጺኡ ኣሎ። ዘጽገብካዬ ከብደይ፡ ዝኸደንካዬ ዝባነይ፡ ዝሸፈንካዬ ገበነይ፡

ዘካወንካዮ ግይዳየይ ንዓኻ ከመስግን ልሳን ኣለዎ። ካብ በልዓም ኣድጊ ሓሚቀ ንሓቂ ኣይማታእን እየ፡ ካብ ናይ ቢታንያ ኣእማን ንኢሰ ክብርኻ ኣይስውርን ኢለ ናይ እምነት ትብዓት ዓጢቀ ኣለኹ። ጐይታየ ከማኻ ዝበለ ኣምላኽ የለን ኢለ ደጊመ የመስግነካ ኣለኹ።

ጐይታየ ዘይዓግብ ድሌታተይ፡ ዘይመንዎ መንነተይ ንስኻ ፈውሶ። ናይ ፍጻሜ ኣምላኽ ፍጻሜይ ኣጸብቀለይ። ሎሚ ቃልካ ንምምሃር ዝልመን፡ ንምጽላይ መተሓሳሰቢ ዝደሊ እየ፡ ጐይታየ በዚ ድኻመይ መከራን ስደትን ተመጸ ከመይ ክኸውን እየ ? ንጉሰይ ኣምላኸይ ካባኻ ወጻኢ ገደል፡ ካብ ቤትካ ወጻኢ ሞት እዩ እሞ ካብ ቅድሜኻ ኣይተርሕቀኒ። ካብ ሓቂ ሓሶት በዚሑ ይርኢ ኣለኹ። ንሕማቃት ዘቃልዑ ጥዑያት ኣይተራእዩን። ኩላትና ሓደ ኼንና ኣለና እሞ ንስኻ ርድኣና። ኣብ ትሕቲ ኢድ ሰራሒኡ ዘሎ ዕትሮ ምስ ዝበላሾ እንደገና ክስራሕ ዕድል ኣለዎ ፡ ኣብ ትሕቲ ኢድካ ዝተባላሸና ዕትሮታት ኢና እሞ ከም ብሓድሽ ስርሓና። ንስኻ እትረድ ንነብሶም ዝሓስቡ ኣይኮንካን እሞ ንኻልኦት ክሓሰብ ርድኣኒ።

ኣምላኸይ ኣነ ምስ ዝሓስብ ኣይዓግብን እየ እሞ ብሓሳበይ ንስኻ ሕሰብ፡ ልሳነይ ንስኻ ተዛረበሉ፡ ሰብነተይ ንስኻ ኣዝዞ። ክፍኣት ከብቅዕ፡ መቅዘፍትን ደንዳኒ ልብን ክውገድ ንልምነካ ኣለና። ናይ ሰብ ሓይሊ ተሪፉ ናትካ ሓይሊ ይጽናዕ። ንስኻ ተንስእ ሰብ ኣይበርትዕ። ናይ ዘሳዱዱና መንገዲ ዕጾ። ኩሉ ነገርና ብኽቡር ደምካ ዝተሸፈነ ይኹን። ካብ ድቃስ ክነቅሕ ብቃልካ ነቅንቀና። ናይ ጸላእትና ሴፍ ናብ ሰፈሩ ምለስ። ዘድሕን ኣምላክ ከም ዘለና ኩሎም ኣህዛብ ይፍለጡ። ብዝተፈተወ ወድኻ ብኢየሱስ ክርስቶስ ኣሜን !!!

ናይ ቅዱሳት መኣዛ

ናይ ቅዱሳን መኣዛ፡ ናይ ሰማእታት ኣኽሊል፡ ናይ ደናግል ሃብቲ ስምካ ተፈታዊ ከምኡውን ዝስገደልካ እግዚኣብሄር የመስግነካ ኣለኹ። ልበይ ብድኻም ሰንከልከል እናበለ ንዓኻ ዘይበቅዕ ምስጋና የቕርበልካ ኣለኹ። ናይ ደገይ ቁስሊ እምበር ናይ ውሽጠይ ቁስልን መጉዳእትን ዝሓዝነለይ ሰብ እኳ እንተዘይረኸብኩ ንስኻ ግን ገንጺልካ ትሪኢ ኣለኻ እሞ ተመልካትየይ ጐይታ የመስግነካ ኣለኹ። ንብዓትን ስሓቅን ሪጋ ስኢኖም ብሓደ ዝተሓዋወሰኒ ግዜ ብዙሕ እኳ እንተኾነ ኣብ ውሽጢ ቅኔ ዝኾነኒ ናብራ ንዓኻ ረኺበ ኣለኹ እሞ የመስግነካ ኣለኹ። ናይ ሰብ ብርቱዕ የለን እሞ ኢደይ ንዓኻ ይዝርግሕ ኣለኹ።

ንስኻ ንእስራኤል ምጽንናዕ፡ ናይ ሓዘንተኛታት ደስታ ናይ ሰብ በደል እምበር ናትካ ውዕለት ምርኣይ ኣይከኣልኩን እሞ በጃካ ርድኣኒ። ሽሕን ሚእትን ዝኾነ ናይ መከራ መዓልቲ የሕልፈለይ። ናይ ትዝታ ሓዊ የቃጽል እንበር ኣይሙቅን፡ ብቀልበይ ካብ ዝነብሮ ብትዝታ ዝነብሮ ይበዝሕ። ቁስልካ ዝጽግን መድሃኒት ከምዘለዎ ይፈልጥ ኣለኹ፡ ፈታዊ ብፈታዊ ከም ትትክእ ይፈልጥ ኣለኹ። ብዝፈለጥኩዎ መጠን ንኽነብር በጃኻ ርድኣኒ። ዓይነይ ካብ ልዕሊ ሰብ ኣልዒልካ ኣብ ቀራንዮ ኣንብረለይ።

ሕማመይ ኩሉ ዘረሳዓሲ ዓቢ ሓኪመይ ኣብ ቀራንዮ ብዝወጻ ዕርቃንካ በይናውነተይ ሽፍኖ። ባዶነተይ ዝዓረቀ ሰብነትካ ይበጀዎ። ምእንታይ ከም ብራና ተወጢሩ ዝተሳሕበ መንኩብካ ንዘልኣለም ይሰውረኒ። ሰብ ምስትደልዮ ኣይርከብን እዩ። ክደልዩካ ዘይትሰኣን ካብ እስትንፋሰይ ንላዕሊ ቀረባ ዝኾንካ ጐይታየ "**ኣለኹ**" በለኒ። ሰብ ምስ ዝፍቶ ክብሩ የልዕሎ። ፍቕሪ ትፈልጥ ጐይታይ ፍቕረይ ኣብ ልዕሌኻ ይዕረፍ። ኩሉ ሰብ ንዝገደፍዎም እዩ ዝርኢ ዘለውዎ ፈተውቲ ኣይፈልጥን እዩ እሞ ንዓይ ካብ ድቃሰይ ነቕንቀኒ። ንፋስ ካብ ምኽታል ግመ ጨቢጥኻ ካብ ምፍካር ኣድሕነኒ።

ናይ ሓቂ ሚዛን ፡ ናይ ፍቅሪ መለክዒ እግዚኣብሄር፡ ፍቅረይ ብፍቅሪ እምበር ብሓላፊ ቀንጠመንጥን ስምዒትን ከይኮነኒ ይምሕጸነካ ኣለኹ። ንንብረተይ ጥራሕ ዘይኮነ ነፍሰይ ሓደራ ይብለካ ኣለኹ። ነብሪ ቃንዛ ሕማም ዓይኑ ድምጺ ሻንቡቆ ምስ ዘሰምዐ ይርስዖ። ናተይ ሕማም ድማ ብፍቅሪ ዜማኻ ብፍትወት ቃልካ ኣረስዓዮ። ቁጽሪ ዕድመይ ብዙሕ እንዳመሰለኒ ዕድመይ ልክዕ እንዳ በልኩ ምዝራብ ይፈቱ። ቁጽሪ ዕድመይ ሎሚ ምሸት ክኸውን ከም ዝኽእል ኣፍልጠኒ። ናብራይ ዝተመስረተ ኣብ ዘንሸራትት መንገዲ እዩ። ናይ ትማሊ ስሕተት ደጊሙ ክሕዘኒ ይደሊ ኣሎ እሞ በጃኻ ንስኻ ገላግለኒ። ስልጣን ናትካ እዩ እሞ ንዘልኣለም ኣሜን።

በሪረ ዝዓርፈልካ ደሴተይ

በሪረ ዝዓርፈልካ ደሴተይ ፡ ኮሊለ ኮሊለ ዝኣትወካ ቤተይ፡ ኣብ ዝነበርኩ ኔረ ዝእከበልካ ሃገረይ እግዚኣብሄር የመስግነካ ኣለኹ። ክበር ከይብለካ ክቡር ኢኻ፡ ተቀደስ ከይብለካ ቅዱስ ኢኻ፡ ንገስ ከይብለካ ንጉስ ኢኻ፡ ተወደስ ከይብለካ በዓል ሞገስ ኢኻ፡ ግሩም ከይብለካ በዓል ግርማ ኢኻ፡ ንዓኻ ምኽባር ግን ንዓይ የኽብረኒ ኢዩ እሞ ጐይታየ ምልኣተይ ተመስገን። ኣነ ኣነባብራ ኣይከልክዎን እሞ ንስኻ ኣብ ውሽጠይ ንበር። ኣነ ይሰወር ንስኻ ብህይወተይ ጎሊሕካ ተረአ። ኣነ ስቅ ክብል ንስኻ ተማጎተለይ። ኣነ ክሕሉ ንስኻ ተዋጋኣለይ።

ካብ ናይ ዕድመ በረኸት ናይ ቅድስና በረኸት ይበልጽ እሞ ቀድሰኒ። እንዳሓደርካ ምንኣስ፡ እንዳነበርካ ምንቁልቛል፡ ንቁልቁል ምዕባይ የሕፍር እዩ እሞ ዝተባረኸ ዕድመ ሃበኒ። ቁልቁለት ክረክብ በይነይ ክወርድ ይብለካ፡ ዓቀበት ክረክብ ጐይታየ ርድኣኒ ክብለካ እንሆ ክንደይ ዓመት ሓሊፉ። ንስኻ ግን ከማይ ኣይኮንካን እሞ ተመስገን። ብናይ ዓለም ውግእ ተሳዒረ፡ ናይ ስጋ ዋጋ ከሲረ፡ ብናይ ሸይጣን ሽጣራ ተታሊለ ወዲቀ ኣለኹ እሞ ንዝወደቁ እትደሊ ጐይታ ተቀበለኒ። ኣብ ቀረባ ኮለኻ ክንደይ ግዜ

ብርሑቅ ደልየካ ጐይታየ። ምሳኻ ምክታዕ ሕጂስ ይእኸለኒ። ንብዙሕ ነገር ነቢረ ኣለኹ ካብ ሕጂ ኒኖው ግና ናትካ ተራ እሞ ክነብረልካ።

ብውህበትካ ዘመስግነካ፡ ብሓይሉ ዝጎየልካ ፡ ብገንዘቡ ዘኽብረካ እንዳ ወሓደ እዩ። ንስኻ ዝሃብካና ነገር ጣዖት ኮይኑና ኣሎ እሞ ኣድሕነና። ሰብ ኩሉ ተስፋ ዘቑርጽ ኮይኑ ኣሎ እሞ ንስኻ ተስፋ ብዘይቆረጽካሉ ሰብ ተስፋ ከይቆርጽ እልምነካ ኣለኹ። ጽቡቅ ምግባር ብኣፍ እምበር ብተግባር ዝፈትዋ ጠፊኡ እዩ እሞ ንወድሰብ ናባካ ምለሶ። ዝፈተኽዎ ዝርሕቀኒ፡ ዝጸላእክዎ ዝጣበቀኒ እኳ እንተ ኮነ ንስኻ ኣይትደርብየኒ። ካብ ኩሉ ክሳራይ ብኣኻ ተኻሒሰ ኣለኹ ፡ ንዓኻ ምስኣን ግን ካሕሳ ዘይብሉ ጥፍኣት እዩ። ካብ ህይወተይ ትበልጽ ኢኻ እሞ ተነበርኩ ንዓኻ ኣንብረኒ።

ሽግረይ ትፈልጠለይ ፡ ሓሳበይ ትርዳለይ ፡ ንደካማ ጎነይ ትድግፈኒ፡ ብንብዓት ዝተርከሱ የዒንተይ እተድርቀለይ፡ ንምርኮ ዝተዘርግሓ ኢደይ ካብ ምሽናፍ ትእክበን፡ በቃ ምስ ዝብል ጌና እትብለኒ፡ ወዲቁ ጠፊኡ ክበሃል እተልምዐኒ ጐይታየይ ንስኻ ኢኻ ! ንስኻ ማዕርገይ ኢኻ ! ንስኻ ጽባቀይ ኢኻ ! ብዝተዓጽወ ዘመን ማዕጾይ ንስኻ ኢኻ። ኣብ ውሽጢ ፍቅርኻ ሰውረኒ። ካብ ዝርእዩም ሰባትን ኩነታትን ንላዕሊ ንስኻ ጎሊሕካ ተራኣየኒ። ብወድኻ ብኢየሱስ ክርስቶስ ሽም ንዓካ ምስጋና ይኹን ምስ መንፈስ ቅዱስን ንዘልኣለም ኣሜን !!

ምዕራፍ ሽዱሽተ

ምሕረትካን ርህራሄኻን ዝበዝሐ

ምሕረትካን ርህራሄኻን ዝበዝሐ፡ መዓትካ ዝረሓቀ ትዕግስትካ ዝሰፍሐ፡ ናይ ሓሳበይ ፈጻሚ፡ ናይ ምንዪተይ ምልኣት ስምካ ድንቂ ዝኾነ እግዚኣብሄር የመስግነካ ኣለኹ። ብርተዐይ ንዓኻ ኣይረድኣካን ፡ ብድኻመይ ብርቴዓኻ ትገልጽ ኣለኻ። ፍልጠተይ ኣይሕግዘካን ብዕሽነተይ ትጣበብ። መንነተይ ኣይገርመካን ኣጽሪካ ናይ ክብሪ ኣቅሓኻ ትገብረኒ ኣለኻ። ይቅሬታኻ ከም ቀስተ ደበና ከቢቡኒ። ስራሕኻ ካብ ትማሊ ሎሚ ኣገሪሙኒ። ናይ ናብራይ ድምቀት፡ ናይ ቋንቋይ ጽርየት፡ ናይ ምንባረይ ትርፊ፡ ናይ መንገደይ መጨረሽታ ንስኻ ኢኻ።

ወላሓንቲ እካ እንተዘይብለይ ንስኻ ኣለካኒ ምባለይ ኩርዓተይ ይኹነለይ። ብወነይ ዝርእዩ ነገር ተመሊሱ ሕልሚ እኳ ተኾነኒ ዓይነይ ኣብ ልዕሊ መስቀልካ ግበረለይ። ንብርሃን ጸልማት፡ ንጸልማት ብርሃን ብዝበሃለሉ ናይ ሓቂ መምዘኒ ብዝጠፍኦ በዚ ኣደናጋሪ ዘመን ሓቅነትካ ምልኣኒ። ሰብ ናይ ነፍሱ ሓጥያት እንዳ ሓብአ ናይ ሰብ በደል ኣብ ዘውሬሉ ዘመን ንጌጋይ ናይ ምንዛዝ ባህሪ ሃበኒ። ሰብ ብዝፈርሓሉ መጠን እኳ ንዓኻ ከፈርሓካ እምነ ኣለኹ። ቅዱስ ምፍራሕካ ንልበይ ይግዛኣዩ። ወዲ ሰብ ሓጥያቱ ዘጽድቀሉ ነብይ ይደሊ እዩ ዘሎ እሞ ሓቀኛ ንስሓ ሃበኒ።

ከባብየይ ባሕሪ ከም ዝኾነ ንዓይ ግን ኣብ ደሴት ከም ዘቀመጥካኒ ይርዳእ ኣለኹ። ናይ ሰላም ምንጪ ንስኻ ኢኻ። ሰራቂ ዘይሰርቀካ፡ ንዝምነዩኻ ኩሎም እትርከብ ጐይታየ ንስኻ ኢኻ። ካብ ናይ እክሊ ጥምየት ናይ ፍቅሪ ጥምየት በርቲዕና በጃካ ረኣየና። ትውልድና ከም ዓይኒ ጠፊኡ እዩ እሞ እግዚኣብሄር ምፍራሕን ፡ ሰብ ምሕፋርን ሃበና። ሽምግልናና ቁምነገር ዘይብሉ ፍረ ኣልቦ ቃንጫ ኮይና፡ ኣቦነትና ርህራሄ ዘይብሉ ጭካኔ ኮይኑና፡

መሪሕነትና ናብ ድቅድቅ ጸልማት ዝወስድ ኮይኑና ጐይታየ ጠጠው ኢልካ ምሕሳብ ዓድለና።

ጐይታየ ብበረኸትና ዘይኮነስ ብህይወትና ንጻወት ኣለና እሞ በጃኻ ኣንቅሓና። መዓልቱ ንሓደ ናይ ጽጋብ፡ ንሓደ ናይ ጥምየት እዩ እሞ ኣደላዳሊ ጐይታየ ንስኻ ኣደላድሎ። ካባኻ ርሒቆም ዝነብሩ ክሰማምዖም፡ ንዓኻ ዘንጊዖም ድቃስ ክወስዶም ጽቡቅ ኣይኮነን እሞ ጐይታየ ንዝኸዱ ደቅካ በጃካ ስቅ ኣይትበሎም። ንስኻ ስቅ ካብ ትብል ብቁጣዓኻ ክትዛረብ ይሓይሽ። መንግስቲ ናትካ እዩ እሞ ንዘልኣለም ኣሜን።

ኣብ ቃልካ ሓሶት ዘይብልካ

ኣብ ቃልካ ሓሶት፡ ኣብ ፍርድኻ ጌጋ ዘይብልካ፡ ኣብ ጥበብካ ጉድለት፡ ኣብ ፍቅርኻ ምስሉይነት፡ ኣብ ህያባትካ ስሕተት ዘይብልካ ናይ ኩሉ ግዜ ጐይታ፡ ናይ ዘመናት ንጉስ፡ ናይዛ መዓልቲ ዋና ለዋህ እግዚኣብሄር የመስግነካ ኣለኹ። ሓይሊ ዘይብለይ ድኹም ከመይ ጌርካ ፈቲኻኒ ? ናይ ጽድቂ ትርኢተይ ዝተበላሸወ ከመይ ጌርካ ርኢኻኒ ? ድኻም ልማደይ ዝኾነ ከመይ ጌርካ ተሰኪምካኒ ? ናይ ኩሉ ግዜ ጌጋይ ብናይ ኩሉ ግዜ ቅንዕናኻ ከመይ ጌርካ ተቀቢልካኒ ? ስለ ዘይውዳእ ህያባትካ፡ ስለ ዘይውዳእ ይቅሬታኻ፡ ስለ ዘይውዳእ ርህራሄኻ፡ ስለ ዘይልመድ ጠባያትካ፡ ስለ ዘይዝሕል ፍቅርኻ፡ ስለ ዘይሰኣን ህላውነትካ፡ ስለ ዘይስወር ምርኣይካ ንዘልኣለም ተመስገን።

ካብ ዝለመንኩኻ ዝኣበኻኒ፡ ካብ ዝነገርኩኻ ዝረሳዕካዮ፡ ካብ ዝደለኽዎ ዘትረፍካለይ ወላሓንቲ የለን። ኣይትዕዘበንን ኢኻ እሞ ሎሚ'ውን ብጉድለተይ ኣብ ቅድሜኻ ይዛረብ ኣለኹ። ንዝልምኑኻ እትፈቱ ለምኑ ኢልካ ዝኣዘዝካ ንስኻ ጥራሕ ኢኻ። ዘጨንቁኒ በዚሖም። ጸላእተይ ምስ ገደፉኒ ፈተውተይ ይላዓሉኒ። ዝራሓቁኒ ምስ ገደፉኒ ኣዝማደይ የቁሱሉኒ። ማዕበል ምስ ሓለፉ ድሌታተይ ይዋጉኡኒ። ካብ ዓለም ምስ ዝገላገል ስጋይ

ይምጉተኒ። ካብዚ ንምቅላስ እተዋህበ ናብራ እተድሕነኒ ንስኻ ኢኻ እሞ ዕረፍተይ ብኣኻ እዩ እንዳበልኩ እጽበየካ ኣለኹ። መንፈስካ ዘይብሉ ኣገልግሎት ፡ በረከትካ ዘይብሉ ምርካብ፡ ንስኻ ዝተፈለካዩ ናብራ ኣይጠቅመኒን እዩ እሞ ጐይታየይ ካባይ ኣይትፈለ።

ብሕልናይ ምሕፉርን ንዓኻ ምፍራሕን ከይርሕቀኒ ሓጥያት ለሚደዩ ጽድቂ ከይመስለኒ በጃኻ ብቅልጡፍ ኣንቅሓኒ። ምስ ገበርክዎ ካብ ዘጣዕሰኒ ክፍእ ነገር ቅድሚ ምግባረይ ንኸይገብሮ በጃኻ ሓይልኻ ሃበኒ። ድሕሪ ንስሓ ምጭንናቅ ኣርሕቀለይ።

ክርስትያን ንክርስትያን እናሳደደ፡ ንጸላኢ ሓያል ዝገብሩ ማእከል ወገናት እየ ዝነብር ዘለኩ እሞ ንዓይን ንወገናተይን ምስትውዓል ሃበና።

ሓደ ካብ ሓደ ዘይንሓይሽ ኴንና ኣለና እሞ በጃኻ ይቅረ በለልና። ሓደ ንሓደ ዘየጻናንዕ ንኹሉ "ኣጆካ" ዝበሃለሉ ዘመን ኢና ዘለና በጃካ ንእሽተይ ዕረፍትኻ ሃበና። ካባኻ ንዝኾነ መከራ እንክእለሉ ትዕግስቲ ፡ ብበደልና ዝመጸ መዓት እንምለሰሉ ናይ ንስሓ ልቢ ዓድለና። ናይ ሃገርናን ቤተ ክርስትያናን ሓለፍቲ ምስትውዓል ፡ ንህዝብካ ድማ ጽቡቅ ምክሪ ንስኻ ሃብ። ብዘልኣለማዊ ምሕረትካ ኣሜን !!!

ዝድሕነልካ ጐይታይ

ዝድሕነሉ ጐይታይ፡ ዝነብረሉ ህይወተይ ፡ ዝመላለሰሉ ቤተይ ፡ ዝመያየጠካ ብጻየይ፡ ዝቅመጠሉ ቤተይ፡ ዝእከበካ ርስተይ ፡ ምኽንያት ሓጎሰይ፡ ኩሉ ዝረሳዕክሉ ፍቅረይ ንስኻ እግዚኣብሄር ኢኻ እሞ የመስግነካ ኣለኹ። ሰብ ዘይብለይ ካብ ድንግል ማርያም ተወሊድካ ሰብ ኮንካኒ። ዝፈትዎም ክከሱኒ እትደልየኒ ፈታዊ ኮንካለይ። ጸላእየይ ንዓይ ከይደርበየ ዘይዓርፍ ፡ ንዓይ ንምስሓት ተስፋ ዘይቆርጽ እኳ እንተኾነ ንስኻ ግን እንዳ ኣንቃሕካኒ ፡ እንዳ ኣተንሳእካኒ ነዚ በቂዐ ኣለኹ እሞ የመስግነካ ኣለኹ።

ዝርእዩ ክስእን ንዓኻ ይርኢ ኣለኹ፡ ዝሰምዖ ክስእን ንዓኻ ይሰምዕ ኣለኹ፡ ዘንብቦ ክስእን ንዓኻ የንብበካ ኣለኹ። ትዝታይን ጽወታይን፡ መዕረፍየን መምለኽኽይን ንስኻ ኢኻ እሞ የመስግነካ ኣለኹ። ዓለም ካብቲ መሪር ሕርሽኣ ናብራይን ሰላመይን ክትብክል እኳ እንተተስኣት ንስኻ ግን ቀልጢፉ ዝረድእ ኢኻ እሞ የመስግነካ ኣለኹ።

ዝዘራክዎ ክእከብ ዘይክእል ድኹም ፡ ዝጀመርክዎ ዘይውድእ ቁጡዕ ፡ ዝፈተኽዎ ክሳብ መወዳእታ ዘይፈቱ ጠላም፡ ጽጋብ ንዘልኣለም ዝመስለኒ ትዕቢተኛ፡ መከራይ ዘይሓልፍ ዝመስለኒ መከረኛ እየ እሞ ረኣየኒ። ንምሕዳስ ምኽንያት ዝደሊ፡ ሰላም ንምርካብ ቅድመ ኩነት ዘቀምጥ፡ ኣብ ዘይብለይ ለጋስ፡ ምስ ሃብካኒ ዝበቀልካ፡ ካብ ሰሙን ናብ ሰሙን ብትካዜ ዝደቀቕኩ ወድኻ እየ እሞ ብመንፈስካ ለውጠኒ። ጽቡቅ እገብር ኣለኹ ኢለ ምስ ዝጋገ ምስትውዓልካ ሃበኒ። ክጽይቅ ኢለ ከይጽይቅ ካብ ድፍረት ሓጥያት ሓልወኒ።

ኩሉ ናይ ዓለም በረከት ናይ ውሽጣይ ጥምየት ዘይመልኦ፡ ናይ ኩሉ ዓለም ምርምር ናይ መንፈሰይ ሕቶ ዘይምልሶ፡ ብዝሒ ናይ ሰራዊት ናይ ጽምዋ ዛሕለይ ዘየሙቆ ኮይንኒ ኣሎ እሞ ንስኻ ብመለኮታዊ ክብርኻ ምሳይ ኩን። ካብ ማንም ንላዕሊ ምንባረይ ዘገድሰካ ጐይታየ መነባብሮይ ንስኻ ቀድሰለይ። ኩናት ክብርትዓኒ ናይ ዳዊት ጐይታ ም኿ንካ፡ ኣዝማደይ ክሸጡኒ ንየሴፍ ዝተቀበልካ ም኿ንካ፡ ቤተ መንግስቲ ምዕጋብ ክኣብየኒ ናይ ሙሴ መልሲ ም኿ንካ፡ ንብዓት ዓይነይ ከቃጽለኒ ናይ ኤርምያስ ሞግዚት ም኿ንካ ይራኣየኒ። ልበይ ስግር ንዘላ ናይ ጽዪን ጎቦ ካብ ምሕሳብ ከይኩብልል፡ ኣብ ናይ ዓለም በረኻ ወዲቀ ከይተርፍ ጐይታየ ርድኣኒ። ብወድኻ ብፈታዊኻ ብኢየሱስ ክርስቶስ ኣሜን !!

ዎ እግዚኣብሄር

ዎ እግዚኣብሄር ዝምዝግበካ ዜናይ፡ ዝነግረካ መብጻዓይ፡ ዝነብረልካ ፈታውየይ፡ ዝግዛኣልካ ንጉሰይ፡ ዘገልግለካ ጐይታይ፡ ዝዝምረልካ ደስታየ፡

ዝጽልየልካ መቅደሰይ፡ ዝናፍቀካ ተስፋይ፡ ዘጽልለልካ ክብረተይ፡ ዝቅደሰልካ መንበረይ፡ ዝውድሰካ ሞጎሰይ፡ ዝኸለለልካ ሓጹረይ፡ ዝጽግዓካ መሕቢኢየይ፡ ዝሳለመካ ቅዱስ ደብረይ፡ ዝርእየካ ተኣምራተይ፡ ደስ ዝብል መኣዛ ሽቶ ኢኻ እሞ የመስግነካ ኣለኹ። ብናትካ ረዲኤት ኣብዚ በጺሐ ኣለኹ መፈንጠርያ ተበቲኹ ሓሊፈ ኣለኹ ቀጽሩ ከኣ ብሓይልኻ ዘሊለዮ ኣለኹ እሞ የመስግነካ ኣለኹ። ብናጻ እትሕልወኒ ቅዱስ ሓላውየይ ምስጋናይ የቅርበልካ ኣለኹ።

ኣብዛ ንእሽተይ ዘመነይ መማረሪ ሰብ ኮይነ ኣለኩ እሞ ዝገበርክዎ ዘይኮነ ዝገበሩለይ ፡ ዝበደሉኒ ዘይኮነ ዝበደልክዎ፡ ድኻማቶም ዘይኮነ ድኻመይ ንክርኢ እልምነካ ኣለኹ። ነፍሰይ ክትናወጽ፡ ስጋይ ከንቀጥቅጥ ንስኻ ናይ ህይወተይ መልሕቅ ኩነኒ። ምሳኻ እንዳነበርኩ ከም ዘይነብር ሰብ የጉረምርም ኣለኹ። ከይረኣዩ ዝኣምኑ ብጹኣን እዮም ዝበልካ ጐይታ ኣነ ግን ርኤ እኳ ምእማን ኣይካኣልኩን እሞ በጃኻ ናይ እምነት ሰብ ግበረኒ። ሞንኪሰ ዝረክስ፡ መኒነ ዝምለስ፡ ዝገደፍክዎ ዓለም ዝምለሶ ሰብ ኮይነ ኣለኹ እሞ በጃኻ ይቅረ በለኒ። ንንእሽተይ ቆልዓ ወለዱ ንግሆን ምሸትን ከም ዘጥብውዎ ኣነ ከኣ ኩሉ ግዜ ንእሽተይን ርእሰይ ዘይገዝእን እየ እሞ ንግሆን ምሸትን ካብ ናይ ምሕረት ምንጭኻ ኣጥብወኒ።

ጐይታየ!! ንኹሉ እትበቅዕ ናይ ኣመንቲ ሃብቲ እግዚኣብሄር፡ ኹሉ ናተይ ክብለካ ንኹሉ እትከውን ንስኻ ኢኻ። ከይጸላእካ ዝፈተካኒ፡ ከይረሳዕካ ዝዘከርካኒ፡ ከይፈነኻ ዝሓዝካኒ ንስኻ ኢኻ። ፍቱው ጐይታይ ናይ ሰብ ቃልን ናብራን ሓሶት በዚሕዎ ኣሎ እሞ ሓቀኛ መንነትና ኣጎናጽፈና። ከም ዘመኑ ዘይኮነ ከም ፍቃድካ ኣንብረና። ዘመን ብካልእ ዘመን ይትኻእ። ፍቃድካ ግን ጸኒዑ ይነብር። ወገነይ ክደሊ ክትስእ ኮለኹ ወገነይ ናትካ ወገን ምዃኑ ምሃረኒ። ቋንቋይ ክደሊ ክትስእ ኮለኹ ቋንቋይ ፍቅሪ ምዃኑ ግለጸለይ። ገንዘብ ኣጸቢቀ ክደሊ ኮለኹ ዝዓበየ ገንዘብ ሰላም ምዃኑ ኣረድኣኒ። ዘይትርከብ ልዑል ኮለኻ ዝተረከብካለይ፡ ዘይትድፈር ግሩም ኮለካ ዝተዓራረኽካኒ ንስኻ ኢየሱስ ክርስቶስ ኢኻ ንዘልኣለም ኣሜን።

ወሃቢ ዕድመ

ዝሓለፈ ሽሕ ዘመን ኣብ ቅድሜኻ ከም ትማሊ መዓልቲ ዝኾነ፡ ንዝመጽእ ሽሕ ዘመን ኣብ ቅድሜኻ ከም ጽባሕ ዝቀረበ ወሃቢ ዕድመ፡ ዓዳሊ ጸጋ ዝኾንካ ጐይታየ እግዚኣብሄር የመስግነካ ኣለኹ። ናይ ነብያት ትንቢት፡ ናይ ሃዋርያት ስብከት፡ ናይ ሊቃውንቲ ትምህርቲ፡ ናይ ዘመርቲ ቅኔ፡ ናይ ምእመናን ምግዛእ፡ ናይ ሰማእታት መስዋእቲ፡ ናይ ጻድቃናት ኣነባብራ፡ ናይ ደናግል ንጽሕና ናዓኻ ኣይገልጸካን እዩ እሞ ዝሞትካለይ ጐይታየ ኢየሱስ ክርስቶስ የመስግነካ ኣለኹ። ናይ ስደተኛታት ሃገር፡ ናይ ኣጋይሽ መዕረፊ ፡ ናይ ሓዘንተኛታት መጸናንዒ ፡ ናይ ድኹማት ብርትዐ መጸናንዒ መንፈስ ቅዱስ የመስግነካ ኣለኹ።

ጐይታየ እግዚኣብሄር ! ስለ ዝተረኸብካለይ ረኺበካ። ሰለ ዘፍቀርካኒ ኣሚነካ። ኢድካ ስለ ዝዘርጋሕካለይ ቀሪበካ። ስለ ዝገበርካለይ ኣመስጊነካ። ስለ ዝሃብካኒ ለሚነካ። ስለ ዝተኣመንካለይ ተስፋ ጌረልካ። ስለ ዝረኣካኒ ርኤካ። ስለ ዝመራሕካኒ ተኸቲለካ። ስለ ዝመጻካኒ ሓሲበካ። ስለ ዝተዛረብካኒ ሰሚዐካ። ስለ ዝለወጥካኒ መሲለካ። ዝነገርካኒ ኩሉ ምስገበርካዬ ፈሪሐካ። ስለ ዝበጻሕካኒ ዳህሲሰካ። ከተልዕለኒ ሒዘካ። ናተይ ጐይታ ናይ ጽቡቅ ኩሉ ጀማሪ ንስካ ኢካ። ኩሉ ነገር ክሳብ ዝርዳኣኒ ብትዕግስቲ ስለ ዝተጸበኻኒ የመስግነካ ኣለኹ።

ጐይታየ ! ሕጅስ ካብዛ ዓለም እንታይ ተሪፉኒ ? ናይዚ ጠፋኢ ዝኾነ ናይ ህዝቢ ድጋፍ'ከ እንታይ ኣለኒ ? ካብ ሃብታማት'ከ እንታይ ይጽበ ? ካብ ሰብ ስልጣናት'ከ እንታይ ፍትሒ ይጽበ ኣለኩ ? ተስፋይ ንስኻ ኣይኮንካን ዲኻ ? ንስኻ ዘይብሉ ነገር ኩሉ በድኒ እዩ እሞ ኣብ ውሽጥናን ጉባኤናን ንስኻ ተረኸብ። ናይ ገንዘብ ሃብቲ ሓዊ ይበልዖ። ርስቲ'ውን ብመቅጻዕቲ ይውሰድ እዩ። ጐይታየ ቅኑዕ ፈታዊ ግን ዝበለጸ እዩ እሞ ናይ ፈተዊ በዓል ጸጋ ግበረኒ። ዝቁጣዓንን ዝግስጸንን ሰብ ኣይትኸልኣኒ።

ኣምላኸይ ለውጦ ! መንነተይ ለውጦ። ዝርእዬን ዝሰምዖን ለውጦ። ካብ ዘጨንቀኒ ነገር ሎሚ ፍለየኒ። ንጥፍኣተይ እዛ መዓልቲ ጾብ ትኹን። ንከይጠፍእ ሓዘኒ። ክትክዝ ኣጸናንዓኒ። ሰብ ክስእን ከለኹ ንስኻ ተረኸበለይ። ጽልምትምት ክብለኒ ከሎ ንስኻ ኣብርሃለይ። ምስ ዝኸፍኣኒ ኣረጋግኣኒ። ምስ ዝድቅስ ኣንቅሓኒ። ናይ ነብሰይ ጽቡቅ ናይ ሰብ ክፍኣት ጎሊሑ ከይረኣየኒ ንስካ ኣውጽኣኒ። ዝተጋህኩ መሲሉኒ ከይድቅስ፡ ዝተዓገስኩ መሲሉኒ ከይሰንፍ ንስኻ ምስትውዓል ሃበኒ። ናይ ምድሪ ጉያይ ምሳኻ ብሰላም ኣፈጽመኒ። ካብ መጀመርታይ መፈጸምታይ ኣጸብቀለይ። ንድኻመይ ፍረ፡ ንሓሳበይ ፍጻሜ፡ ንሰብኣውነተይ ትሕትና፡ ንክርስትናይ ፍቅሪ ፡ ንቤተሰበይ ርህራሄ ፡ ንኣቦታተይ ምስትውዓል ፡ ንንእስነተይ ኣበባ ፡ ንጉብዝናይ ፍረ፡ ንምእካለይ ምኽሪ፡ ንሽምግልናይ ትዕግስቲ ንስኻ ዓድለኒ። ወላ እኳ ተሕዘንኩካ ካባኻ እሞ ናበይ ክከይድ እየ ? ኣምላኸይ ከማኻ ዝኮነለይ የለን። ብዝተሸንከረ ወድኻ ፡ ብዝተሰቅለ ወድኻ ብኢየሱስ ክርስቶስ ምስጋና ንዓኻ ይኩን ብዘይ ውዳእ ዘመን ንዘልኣለም ኣሜን !

ዓይንኻ ዝርህርህ

ዓይንኻ ዝርህርህ ፡ እዝንኻ ንሽጉርን መስኪኒን ዝሰምዕ፡ ንሰባር ብቃልካ ትጽግን፡ ንዝቆሰለ እትፍውስ፡ ልብኻ ብሓቂ ዘፍቅር፡ ንድኻ ጠጠው እትብለሉ ናይ ሰራዊት ቅዱስ ርህሩህ እግዚኣብሄር የመስግነካ ኣለኹ። ንዓኻ እግዛእ ኣለኹ። ንስምካ ትሕት ኢለ ክብሪ ይህብ ኣለኹ። ንምእማንካ ሰላም እብል ኣለኹ። ንረዲኤትካ ቅኔ የቅርብ ኣለኹ።

ምንጋርካ ፈውሰይ፡ ምድህሳስካ ትንሳኤይ፡ ምርኣይካ መፍተሐይ፡ ምስማዕካ መልሰይ፡ ምምጻእካ ደስታይ እዩ እሞ እግዚኣብሄር የመስግነካ ኣለኹ። ንስካ እትህበኒ ብዙሕ ኣለካ። ኣነ ግን ዝሃብካኒ ዕድመይ መሊሰ ብምሃብ የመስግነካ ኣለኹ። ናይ ናብራ ዘርኢ፡ ናይ ትምህርቲ ዘርኢ፡ ናይ ሓዳር ዘርኢ፡ ናይ ስራሕ ዘርኢ፡ ናይ ሃብቲ ዘርኢ ይዘርእ ኣለኹ። እንተዘይ

ባሪኸኻዬ ከም ዘይፈሪ ይፈልጥ ኣለኹ። ናይ ዓቢ እቶት በዓል ቤት ኢየሱስ ክርስቶስ ምዝርኣይ ብምዕጻድ ባርኸለይ። ብዙሕ ነገራት ክሓስቦ የፍርሓኒ፡ ብዙሕ ነገራት ክርእዬም የሕዝኑኒ። ንዓኻ ምስ ዝሓስብ፡ ቀራንዬ ምስ ዝርኢ ጥራይ ይብርትዕ ኣለኹ። በጃኻ ጐይታ ንዓኻ ብምሕሳብ ንዓለም ንኽርስዓ፡ ፍቅርኻ ብምርኣይ ደስታየይ ከም ዝበዝሕ ግበረኒ። ናይ ሰብ ደገፍ ከንቱ እዩ። ናይ ምጽንናዕ ኣምላኽ እግዚኣብሄር ተስፋኻን ረዲኤትካን ይደግፈኒ።

ናይ ግሽነት ናብራ ብዙሕ ኮለል ዘለዎ እዩ። ንትሓልፍ ዓለም እዚ ኩሉ መከራ ይትረፈኒ ንቤተይ ንኽሰርሕ መንቋሕቋሕታ ሃበኒ። ኣብ ልዕሊ ጽቡቅ ሓሳበይ ክፉእ ሓሳባት፡ ኣብ ልዕሊ ጽቡቕ ቃልካ ክርዳድ ፡ ኣብ ልዕሊ ራእየይ ፍትወት ገንዘብ ከይኣትወኒ ንስኻ ሓልወኒ። ነፍሰይ ንዓኻ ናፊቃ ኣላ፡ ሰጋይ’ውን ምሳኻ ምኳን መሪጻ ኣላ። በጃኻ ኽዓርፍ ተፈጥሮይ ኩሉ ንዓኻ ይገዛእ። ምስ ፈለጥኩኻ ብዝበለጸ ሰሲዐካ። ተመሊሰ ቆልዓ ክኸውን ደልየ። ብዘይ ብኣኻ ዝነበርክዎ ዘመን ጽላለ እዩ ኢለ። ሒዝካ ዘይትፍኑ፡ ጨቢጥካ ዘይተዝልቅ ጐይታ ከይናወጽ ምሳኻ ኣጽንዓኒ። ናይ ቤተይ መሰረት ዘንብረሉ ፍልስፍና፡ ማእገርን ማዕጾን ዘይብሉ ናይ ስጋ ትምኽሕቲ፡ ዓንዲ ዘናውጽ ናይ ዓለም ዝና፡ ናሕሲ ዘፍርስ ናይ ልማድ እምነት እዩ እሞ ናይ ናብራይ መሰረት እምነት፡ ናይ ቤተይ ጽንዓት ደምካ፡ ዓንዲ ፍቅርኻ ፡ ድምድማቱ ሓለዋኻ ይኹነለይ። ብዝተሓረደ በጊዕ ኢየሱስ ክርስቶስ ኣሜን!!

ጐይታየይ ጐዳየይ

ጉልበትካ ዑጹብ ንኹሉ ዝኽእሎ፡ ፍቃድካ ብሩኽ ንኹሉ ምግባር ዝከኣሎ፡ ርህራሄካ ሂቡ ዘይውድኦ ድንቂ እዩ እሞ ጐይታየ የመስግነካ ኣለኹ። ብጉልበትካ ረዲእካኒ፡ ብፍቃድካ ኣንቢርካኒ፡ ብምሕረትካ ኣበልጺግካኒ ናይ ምስጋና መልሲ ሒዘልካ መጺኤ ኣለኹ እሞ ናይ መብጽዓይ ኣምላኽ ተመስገን። ናይ ሰብ ትዕግስቲ ዘይክእለኒ ዝኻኣልካኒ፡ መጽሓፍቲ መኪሮም ዘይመለሱኒ ዝመኸርካኒ ፡ ናይ ፍጡር ርህራሄ

ዘይሞልኦ ቆፎይ ዝመላእካለይ ናይ ምስጋናይ ጐይታይ ንስኻ በይንኻ ተወደስ። ነቲ ዘይከኣል ብኣኻ ኣብ ዝኽእለሉ፡ ጥበብ ዘይሓሎፎ ጎዶሎ መዓልቲ ብኣኻ ክሳገር፡ ዘመድ ኣብ ዘይርከበሉ በረኻ፡ ኣደ ናይ ወዳ ኣውያት ኣብ ዘይትሰምዓሉ ናይ ፍርዲ ኣደባባይ ኣውያተይ ክትሰምዕ ርእየ ኣለኹ እሞ ጐይታየይ ጉዳየይ ሽምካ ይቀደስ።

ሓመደይ ዘይምጽራይ፡ ጽሬት ቅድስና፡ ናይ ስጋይ ድኻም፡ ናይ ጉልበት ብርታዔ፡ ናይ ናጽነተይ ዕብዳን፡ ናይ ንግስነትካ ክብረት፡ ብዝሒ ምድቃሰይ፡ ናይ ትግሃተይ ብርታዔ፡ ናይ ሓጥያተይ ብዝሒ፡ ዘየቃርጽ ምሕረትካ፡ ቀልጢፍካ ናይ ምስንባደይ ድኽመት፡ ጽባሕ ብዝርእዩ ፍልጠትካ፡ ቅጥዒ ዘይብሉ ፍርሓተይ፡ ናይ ልዕልናኻ ብራኺ ኩሉ ግዜ ይርኣየኒ። ጐይታየ ጻዕዳ ክዳን ተኸዲኖም ኣብ መርዓ ካብ ዝተዕደሙ ደቅኻ ኣብ ማእከሎም ብዕሩቀይ ከይርከብ በጃካ ርድኣኒ። ብዙሕ ዘመን ተዋጊእካ ጎበዝ ኢልካኒ። ብዙሕ ዘመን ስዒርካ ምሩኻት ሂብካኒ። ብዝሰራሕካዩ ገዲፈ ብዝሰራሕክዎ ዝነብር ይመስለኒ ኣሎ እሞ ምትላለይ ሎሚ ኣድሕኖ። ደቂሰ ንምትሳእ፡ ሰሪሐ ንምእታው፡ በሊዐ ንምጽጋብ፡ ተፈትየ ንምንባር፡ ተጸሊአ ንምዕጋስ ንስኻ ተድልየኒ ኣለኻ እሞ ጐይታየ ብመዓልትን ለይትን ናባይ ንዓ ! መጽሓፍካ ምስ ዝግንጽል መብልዒ ማል ዘይትጽየፍ ንጉስ፡ ናይ መስቀል ዝፋን እትመርጽ ልዑል ምኺንካ ፈሊጠ ኣለኹ እሞ ጋሪድካ ካብ ዝገበርካዩ፡ ኣጽሪካ ካብ ዝተወለድካዩ እዚ ረሳሕ ልበይ ንዓኻ ይህበካ ኣለኹ። ናተይ ህይወት ከም መስቀልካ ኣይኮነን እሞ እንዳፈተኻኒ እንተሰቀልኩኻ እኳ መሓረኒ። ተሸንከርኩኻ እኳ ኣይትፈንወኒ። ብኣኻ ሰብ ኮይነ፡ ተሰሪሐ ምስ ተወዳእኩ ከም ዘሐጉሰካ ይኣምን ኣለኹ።

ኩሉ ነገር ክጅምሮ ከም እሳተ ጎመራ የዕለቅልቀኒ፡ መፈጸምትኡ ድማ ከም በረድ እንዳዛሓለኒ ተፈጥሮይን ዘይርጉእ መንነተይን ተዓዚበዩ ኣለኹ እሞ ጎይታየ በጃኻ ካብዚ መንነት ንስኻ ኣድሕነኒ። ክትፍራሕ ዝግበኣካ ተፈራሒ ጐይታ ገዲፈ ካብ ሓመድ ንዝተሰርሐ ጠጠው ዝበለ እየ ዝፈርሕ ዘለኹ እሞ ካብዚ መጻወድያ ኣውጽኣኒ። ደቂሰ ክትስእ፡ ዜረ ክምለስ ከለኹ

ልበይ ብቂምታ ሻሕኪሩ ይርከብ ኣሎ እሞ ንጉሰይ ብዘይምቁራጽ ጽሩይ ማይካ ኣብ ልበይ ከዓወለይ። ብናይ ሰብ ስራሕ ዘይኮነ ብናትካ ስራሕ ክድነቅ ጐይታየ ርድኣኒ።

ብነፍሰይ ዝሓፍር፡ ሕሱር ዝብሎ ዋጋይ ብንብረት ዘይኮነስ ክብረይ ናይ ወድኻ ደም ስለ ዘገበርካለይ ዋጋየይ እግዚኣብሔር የመስግነካ ኣለኹ። ናይ ስርሐይ ዋጋ ዘይኮነስ ናይ ጸጋ ክብረይ ይውድሰካ ኣለኹ። ንዓኻ እንዳሳላሰልኩ መዓልቲ ምስ ዝመሲ መዓልቲ ምእካል ኣቢኒ ይሓዝን ኣለኹ። መዓልቲ ቀልጢፉ ዝውዳእ ንስኻ ምስ ተመቅሮ ኢዩ እሞ ጐይታየ የመስግነካ ኣለኹ። ታሪኸኛታት ምስ ዝርኢ ብስጋ ሓሊፍዎም’ሲ ብነፍሲ ይውቀሱ ኣለዉ ኣነ ከኣ ኣብ ቅድሚ ታሪኽ ምቋመይ ኣርኢኻ ታሪኸይ ኣብ መስቀልካ ጠቕልለለይ።

ስለ ዝፈትዉኒ ወገናት የመስግነካ ኣለኹ። ፍተውዎ እንተዘይ ኢልካዬም ክፈትዉኒ ኣይክእሉን እዩም። ስለ ከይፈለጡኒ ንዝነቅፉኒ’ውን የመስግነካ ኣለኹ። ከም ዝሞተ ሰብ ኣየረሳዕካንን። ስለ ኣነ ዝፈትዎም ንሶም ግን ዝጸልኡኒ የመስግነካ ኣለኹ፡ ንመስቀልካ እግዛእ ኣለኹ። ሞት ከም ዝተፈረዶ እሱር መዓስ እዩ ዝመውት ? እኳ ተተባሃልኩ ናይ ሞተይ ደብዳቤ ብስልጣን፡ ናይ ስቕለተይ ዕንጨይቲ ብናይ ንጉስ ሰረገላ፡ ዕንጨይቲ ዝጸረበለይ ደመኛ ብጻየይ ዝገበረለይ ጐይታይ ድሕነተይ፡ ኣለኹ ዝብለልካ ሰላምታይ ተመስገን።

ብዘሳደድክዎ መንገዲ ኣነ ከኣ ብተራይ ክሳደድ፡ ብዝፈረድክዎ ክወድቅ፡ ዝዘራእክዎ ክዓጽድ መከራይ ንኽሓጽር ደስታኻ ሃበኒ። እዚ ንዓይ ኣይግባእን እዩ ምባል መከራን ጭንቀትን ከም ዘብዝሕ ርእየ ኣለኹ እሞ በጃኻ ጐይታይ ካብቲ ብየማንካ ዝተሰቅለ ሽፍታ "ይግባኣኒ ኢዩ" ምባል ኣስተምህረኒ ። እዚ ኣውያተይ ናትካ እዩ እሞ የመስግነካ ኣለኹ። ንጥበብ ዶብ ብዘይብሉ ብወድኻ ብጐይታና ብኢየሱስ ክርስቶስ ንዘልኣለም ኣሜን !!